# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.39 ቀዳም 15 ጥቅምቲ 2022 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
መምህርፒተር - ዕዉት
ኣህጉራዊ 'ሽልማት 'ብሉጽ መምህር'



ገጽ 3
ባልዓት መኽዘንን ኣገባብ ምክልኻሎምን



ገጽ 5
ዋሪ'ዩዋሪ !



ገጽ 7
ዛንታ ምትሕግጋዝ



ገጽ 11
ዙር ዞባ ማእከል -2022 ኣብ ወሰኒ መድረኽ!



## ኣስመራ - ኣብ ኣጠቓቕማ ገረብ ኣርቃይ ዝተዘራረበ ዓውደ-ዘተ ተኣንጊዱ




ብሰልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ካብ መላእ ሃገር ዝተዋጸኡ 30 ኣባላቱ ዝተሳተፍዎ - ኣብ ኣጠቓቕማ ገረብ ኣርቃይ ዝተዘራረበ ዓውደዘተ፡ ትማሊ 14 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ወዲቡ።

ኣኪያዲ ስራሕ'ቲ ብሰልጣን ኣግራብ ክሉፌል ክንፈ ሃብተም፡ ኣርቃይ ኣብ ሃገርና ካብ ጥንቲ ዝበረ እኳ እንተኾነ፡ ብዘወረዶ ብርሰት - ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎ ከም ዝነበረ ጠቒሱ፡ ዝ. ኣብ ኣከባብን ቁጠባን ረብሓ ዘለዎ ዓይነት ገረብ ናብ ንበሩ ንምምላስ ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ኣባላት ክብ ንምባል እቲ ዓውደዘተ ከም ዝተወደበ ገሊጹ።

ነቲ ዓውደዘተ ዝመርሑ ዳይረክተር ዞባዊ ቤትጽሕፈት መርበብ ኣርቃይ ኣቶ ብሩክ ከበደን ኣኪያዲ ስራሕ መደበት'ቲ ቤት-ጽሕፈት ዶ/ር ሰለም ረዘኘ እቲ ንኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ብሩንዲ፡ኬንያ፡ማዳጋስካር፡ማላዊ፡ ሞዛምቢክ፡ ርዋንዳ፡ ታንዛንያን ኡጋንዳን ዝጥርንፍ ዞባዊ ቤትጽሕፈት፡ ኣብ ምኽላይ ድኽነትን ኣማሓዳርነት ዘቤታዊ ጸጋታትን ኣብ ኣተኩሩ ደሰርሕ ከም ዝነበረ ብምጥቃስ፡ ኣብ መላእ ማእከል ኣርቃይ ኣብ ኢትዮጵያ ንምምስራት መደብ ከም ዘሎ ሓቢሮም።

እቲ ዞባዊ ቤትጽሕፈት፡ ዛጊት ኣብ ኣባል ሃገራት 10 ፕሮጀክትታት ከም ዘሰላሰለ፡ ኣብ መጻኢ ድማ ኣብ ኤርትራ ፕሮጀክት ንምትግባር ወጥን ከም ዘለዎ እውን ገሊጾም።

ንኩነታት ኣርቃይ ኣብ ሃገርና ብዝምልከት ጽብጻብ ዘቕረበ፡ ኣብ ብሰልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ሓላፊ ጨንፈር ዕቃብ ኣግራብ ኣቶ መሲ ርቡል፡ ሎሚ - ኣብ ገለ ከበጣት ዞባ ዓንሰባን ጋሽ-ባርካን ከም ዝርከብ፡ ቅልጡፍ ናይ ኣበሰምትካእ ባህሪ ከም ዘለዎ፡ ኣብ ናይ 3 ክሳብ 5 ዓመታት ግዜ ዓበዩ - ንዘተፈላለዩ መዓላ ከም ዝውዕል ኣረዲኡ።

ገረብ ኣርቃይ፡ ካብ ካልኦት ዓይነታት ኣግራብ ዝያዳ ካርቦን ናይ ምምጻይ ዓቕሚ ከም ዘለዎ፡ ንሓጺን፡ ኣለሚንየምን ፕላስቲክን ተኪኡ - ዝተፈላለየ ናውቲ ንምስራሕ ከም ዘገልግል እዩ ዝገለጸ።

ኣህጉራዊ መርበብ ኣርቃይ፡ ኣብ 1997 ኣብ በይጂን - ቻይና ብ10 ሃገራት ዝተማስረተ ኮይኑ፡ ኣብዚ ግዜዚ 48 ኣባል ሃገራት ኣለዋ።

## ደቡብ - ብክራማት ዝተበላሸወ ጽርግያታት ይጽገን ኣሎ

ክቢርቲ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፡ ብዘናብን ወሒጅን ተበላሽዩ ንምንቅስቓስ ተሸገርጊርቲ ከጽግም ዝጸንሐ፡ ካብ ማይ-ዓይኒ ናብ ሓወሲ ከተማ ኳዓቲት ዝወስድ ጽርግያ ብወፈራ ይጽግኑ ኣለው።

ሓላፊ ኣሃዱ ቁጠባዊ ልምዓት'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ሰመረ ፍስሃዬ፡ እቲ ስራሕ፡ ካብ ኆቦታት ዝወረደ ኣእማን ምእላይን ዝተባልሓጌ ከበጣት ምጽጋንን ከም ዝጠቓልል ገሊጹ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ብተመሳሳሊ፡ ነበርቲ ኣርባዕተ ምምሕዳራት ከባቢ ምብራቓዊ ኣዳድፍ፡ ብዘናብ ተበላሽዩ ንተሸገርጊርቲ ከጽግም ዝጸንሐ ናይ ሓመድ ጽርግያ ይጽግኑ ኣለው።

እዚ ብምወህሃድ ምምሕዳራት ከባቢ ሓከር፡ ጎሎ፡ ደጎገሎን ታልሃናርወን ዝሰላሰል ዘሎ ዕማም፡ ዝተፈሓሓረ ምምድማድ፡ መንገዲ ወሒጅ ምስራሕ፡ ንወሒጅ ዝተቓልዐ ቦታታት ምፍዋስን ብራኸ ዘድልዮ ምንዳቕን ከም ዝጠቓልል፡ ኑቲ ስራሕ ዝመርሑ ዘለዉ ክኢላታት ገሊጾም።

እቲ ካብ ሰንዓፈ ክሳብ ሞኮ ዝጸሕ 18 ከሎሜተር መስመር፡ በረኽን ጥውይዋይ ዝበዝሑን ብምዃኑ፡ ኣብ ግዜ ክራማት ንወሒጅ ዝተቓልዐ ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቲ መስመር፡ ንዓድታት መልሓይጋ፡ ጎሎ፡ መርበድ፡ ኣጋራ፡ ኣሰደን ማሮድን የገልግል።

## ፎሮ - ዕዉት መደባት ምግራብ ተተግቢሩ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ - ምምሕዳራት ከባቢ ደናንሎ፡ ማልካን ኣይሮማለን፡ ዕዉት መደባት ምግራብ ተሰላሰሉ።

ሓላፊ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ኣስመሮም ሸመንዲ፡ እቲ ፈልሲ ኣግራብ ካብ መደበራት ፈልሲ ሰኸይትን ሕምብርቲን ከም ዝመጽኡን ብዝሑ ኣስታት 29 ሽሕ ምዃኑን ሓቢሩ።

ኣቶ ኣስመሮም፡ ነበርቲ እተን ዓድታት - ኣቐዲሞም ንመደባት ሓምላይ ወፍሪ ዘዳለውዎ ዛላታትን ጉዳጉዲን፡ ኣብ ኣድማዕነት ናይ'ቲ ስራሕ ዓቢ እጃም ከም ዝነበሮ ገሊጹ።

## ማእከል - 546 ከረጺት ደም ተለጊሱ

ኣብ ዞባ ማእከል ዝጦፉ ኣባላት ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን 546 ከረጺት ደም ለጊሶም።

እቶም ብወለንታኦም ደም ዝለገሱ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ ጸዓትን ማዕድንን፡ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን፡ ቤትጽሕፈት ህግደፍ ዞባ ማእከል፡ ዓንበርበብ ሸር ካምፓኒ፡ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኩባንያታት ህንጻ መሳ ዓሊን ብድሆን ኮሌጅ ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኣገልግሎት ፖስታ ኤርትራን እዮም።

ካብ ኩባንያ ብድሆ ሓፈሻዊ ህንጻት ኣቶ መሓመድ ዓጣን ኣቶ ኣንገሶም ከተማ፡ ካብ 2004 ኣትሒዞም ብደረጃ ትካል ደም ክልግሱ ከም ዝጸንሑ ብምሕባር፡ ህይወት ወጹዓት ወገናቶም ንምድሓን ዝወሰድዎ ተበግሶ ናይ ሕልና ዕረፍቲ ከም ዝፈጥረሎም ገሊጾም።

ንመበል 40 ግዜኡ ደም ዝለገሰ መንእሰይ ያሲን ዓብደላ፡ ካብ ፍሉጥ ወሃቢ ጋ - ብፍላይ ደማ መንእሰያት - ስሩዓት ለገስቲ ክኾኑ ተላቢዩ።



# መምህር ፒተር - ዕዉት ኣህጉራዊ ሽልማት 'ብሉጽ መምህር'

ዳህላክ ነጋሲ

መምህር ፒተር ታቢቺ ኣብ ሓንቲ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ኬንያ እትርከብ ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ - ኣብ ዓውድታት ትምህርቲ ስነ-ሕሱብን ፊዚክስን ይምህር። ከም ካልኦት ዳርጋ ዝበዝሑ መማህራን መጺኢ ዕድል ተማሃሮ ኣብ ጻዕሮም ተበላሒቶም ከም ዝምርከሱ ኣሚኑ፡ ሎሚ ዝዘርኦ ፍረ ጽባሕ ዝዓጽድ እሞ ድማ ብሉጽ ዝዓይነቱ እቶት ክሓፍስ፡ ዕዮኡ ብትግሃት ይፍጽም። ተማሃሮ ኣብ ሎሚ ኮይናም፡ ብዝዕባ መጻኢኦም ንጹር ራእይን ሕልምን ክህልዎም፡ ብቐጻምነት ሎሚ ደልዲሎም ዝቖሙሉ ባይታ ክፍጠር ብዘይተገላበጠ ይሰርሕ።

መምህር ፒተር፡ ሓሳቡን መደቡን ኣብ ባይታ ብዮጉበሪ ክዉን ኩይኑ ንኽርእ፡ 80% ካብ ወርሓዊ ደሞዙ - ኑቶም ብዝተፈላለዩ ብደሆታትን ሕጽረታትን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝጠፍኡ ተማሃሮ፡ ንመጸዊን ካልእ ሰኣናትን ቤት-ትምህርቲ እዩ ወፍዩዎ። እዚ ከቢድ ጾር ናይ ገለ ተማሃሮ ከም ኣካል ጾሩ ዝሰከም መምህር እዚ፡ ውልቃዊ ተበግሶኡ ኣብ ህይወት ተማሃሮኡ ዝተኸሰተ ብርሃን ክርእዩሉ እንከሎ፡ ሕልናዊ ዕረፍቲ እዩ ዝስምዖ።

ኣህጉራዊ 'ሽልማት ብሉጽ መምህር'፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ዓለም ንዘርከቡ ብሉጻት መማህራን ዘኮተት ኮይኑ፡ መማህራን - ብደሆታት ተማሃሮ ይኹን



ኣብያተ-ትምህርቲ ንምቅላል ብዘወሰድዎ ስጉምቲ፡ ንኣበርክቶኦም ክብርን ኣፍልጦን ንምሃብ ዝዓለሙ ኣህጉራዊ ሽልማት እዩ። ኣውራ ድማ፡ ኑቶም ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣውን ካልእን ሃሲያን ጸገማትን

ዋሕዲ ዓቕሚ መማህራን እውን ካብ ቀንዲ ማሕንቖታት እዩ።

ኑቶም ተማሃሮ ካብ ዝጥምዎም ዝተሓላለኹ ማሕበራውን ጥዕናውን ጸገማት፡ እቶም ፍሩያት ዘጥቅዑ - ዋሕዲ

ዘለዎም ተማሃሮ፡ ፍታሕ ንምርካብ ከይሰልከዩ ዝረባረቡ መማህራን ዓመታዊ ይዕደል። እቲ ዝተዓወተ መምህር ኣብ ርእሲ እዚ - ልዑል መጠን ገንዘብ እውን ይወሃቦ እዩ።

መምህር ፒተር ዘጠኦ ሰናይ ተግባር እምበኣር፡ ኣቓልቦ ናይ ኩሉ ሰናይ ዝደሊ ውልቀሰብ፡ ወለዲ፡ ማሕበረሰብ . . . ክስሕብ ግዜ ኣይወሰደን። እቲ ተግባር ኣብ መላእ ዓለም ኪጋዋሕ በቒዑ።

ኣብ ዱብዩ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ መምህር ፒተር - ካብ'ቶም ካብ ኣስታት 180 ሃገራት ዝተረቖሑ ኣስታት 10 ሽሕ መማህራን በሊጹ ብምውጻእ፡ ነቲ ዓወት ክጉናጸፍ በቒዑ። ሽልማቱ ድማ ብኡብ ዝበለ ማዕርግ ተቐቢልዎ።

እታ ዝምህረላ ቤት-ትምህርቲ 'ፕዋኒ' ኣብ እትበሃል ገጠር - ኣብ ሃገፍ ሰንጭሮ ተደኪና ትርከብ። ልዕሊ 95% ካብ ጠቕላላ ተማሃሮኣ ኣብ ትሑት-መነባብሮ ዝነብሩ ኮይናም፡ ካብዚ'ኣቶም ሰለስተ ርብዒ ድማ ክልቲኦም ወለዲ ዝሰኣኑ - ኣብ መናበዪ ዘኽታማት ዝነብሩ ወይ ድማ ሓደ ካብ ወለዶም ጥራይ ብህይወት ዝነብር እዮም። ብዘወሳኺ፡ እታ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ርሑቕ ገጠር ኣብ ርእሲ ምድኳና፡ ንሕጽረት መጽሓፍትን ካልእ መሰረታዊ ቀረባትን ዝተቓልዐት እያ። ኣብቲ ቦታ ብዘይካ ሰኣናት ጥረ-ነገራት፡


መጉብበን ማይን፡ ዘይቅጥዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት፡ ዘይጥጡሕ ትሕተ-ቅርጺ፡ ነዊሕ ምንዓዝ ናብ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትሕተ-ዕድመ መርዓን ጥንሰን ጉሊሖም ዝረኣዩ እዮም። ብሰንኪ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ምስኡም ዝቐጸለ ብደሆታት፡ ኣተኩሮኦም ኣብ ትምህርቲ ክትሕት ወይ ብኣሉታ ክጽሎ ግድን እዩ። ከም ውጽኢቱ እምበኣር፡ ብዙሓት እዮም ኣብ መንነ ኣቋሪጾም ዝሓድግዎ። ክንጽ ግዚያዊ ጸገም ኣርሒቖም ብተስፋ ንክብዕዙ ዝመኽሩን ቅኑዕ መኣዝን ዝሕብሩን ወለዲ ኣብ ጎድኖም ስለዘይብሎም፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ብእዋኑ ክንሰሕቡ ይረኣዩ።

መምህር ፒተር እምበኣር፡ ኑቶም ትምህርቲ ክጀምሩ እምበር ክዛዝምዎ ዘይረኣዩ ተማሃሮ፡ ንኹሉ ጸገማት ሰጊሮም ኣብ ዝላዓለ ደረጃ ንኽበጽሑ ብቐጻሊ ምኽሩን ሓገዙን የበርክት። እቲ ከይዓንበበ ዝቐጸለ መጻኢ ዕድል ተማሃሮ፡ ኣገላብሰሉ ፍረ ክህብ ምእንቲ፡ ተወሳኺ ድሌታቱ ኣወንዚፉ፡ ዝበዝሐ ሚእታዊት ካብ ደሞዙ ናብኦቶም የውፍዮ። ካብዚን ዝተርፍኡ እውን፡ ዳርጋ ብዙሕ ዝበሃል ክፋሉ - ብኮታት ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ምሽፋን ከምዝወዕል እዩ ዝገብር።

በዚ ኣበርክቶን ኣስተዋጽኦን እዚ ጥራይ ኣይኮነን ግን ንሽልማት ተረቒሑ። ካብ ዝተፈላለዩ መርበብ ሓበሬታ ዝኣከቦ ኣገዳሲ ዝበሃል ትምህርታዊ ሓዘል ጽሑፋት ብምጥርናፍ፡ ናብ መምሃሪ ክፍሊታት እናኣምጽአ - ተማሃሮ ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ መማህራን ከምዝሰንቅዎ እውን ስለዝገብር እዩ። ብመንገዲ እተን ኣብ'ታ ንሱ ዝምህረላ ቤት-ትምህርቲ ዝርከባ ናይ ስነ-ፍልጠትን ስነ-ሕሱብን ክለባት፡ ተማሃሮ ብኸመይ ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን ውድድራዊ መድረኻት ይሳተፉ እውን መደባት እናሓንጸጸ ይትግብር እዩ።

ብመሰረት'ቲ ብቐጻሊ ዘካይዶ ጻዕሪ፡ ጥጡሕ መምሃሪ ጠለባትን ቀረባትን፡ ከምኡ'ውን ምቹእ ድሕረ-ባይታ ዘይብሎም ብዙሓት ተማሃሮ፡ ክንጽ ሃገራዊ ውድድራት ኣብ ኣህጉራዊ መድረኻት ተሳቲፎም ክዕወቱ ክኢሎም እዮም። ንኣብነት፡ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝርከብ ዝተፈላለየ ኣትክልቲ ፍሉይ መጽናዕቲ ብምኽያድ፡ ካብ'ቲ ኣቑጽልቲ ሓይሊ ኢለትሪክ ከመንጭዉ ዝኸኣሉ ተመሃሮ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር ክዕወቱ በቒዖም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ተሳቲፎም፡ ማዕረ እቶም እኹል መሳለጥያታት ዘውንኡ ተማሃሮ ጸብለል ብምባል ደሚቖም ዘወጽኡ ሓያሎ ኣለዉዎ።

ኣህጉራዊ ሽልማት ብሉጽ መምህር፡ ብትካል ግዝብረ-ሰናይ 'ቫርከይ' ዝምወል ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ሞያ ጉሉሕ ኣስተዋጽኦ ዘበርከቱ መማህራን ይዕደል። እቶም ንውድድር ዝሕጸዩ መማህራን፡ ቅሙጥ መለክዒታት ዘማልኡን ብዝዓዙበቲ ዝርቀሑን እዮም። በቲ ቅሙጥ/ድሉው መለክዒታት ንኡስም ዝተኣማመኑ መማህራን እውን፡ ንገዛእ-ርእሶም ሓጺዮም ኣብ ውድድር ክሳተፉ ይኽእሉ። ነቲ መድረኽ ዝዳንዩ ወልቀ-ሰባት፡ በቲ ነቲ ውድድር ዝዳሉ ትካል ዝተሓርዩ እዮም። እቶም መመይቲ ኣካላት ድማ፡ ካብ ርእሰ-መማህራን፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ ብዕምቆት ዝጠፉ ክኢላታት፡ ጋዜጠኛታት፡ ወሃብቲ ርእይቶ ግዱሳት፡ ሰብ-ጥበብ፡ ወሃንቲ ትካላት ተክኖሎጂ፡ ዳይረክተራት ኩባንያታትን ስነ-ፍልጠኛታትን ዝተዋጽኡ እዮም።



ኣህጉርና ኣፍሪቃ ንሓያሎ እዋን ብሰንኪ ሰብ ዘይፀጉብ ሸውሃት፡ ግዳይ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ጥዕናውን ጸገማት ኮይና እያ። ከም ኣብቶት ናይ ትሑት ኣተሓሳስባን ድንቁርናን ወናኒት ክትጥመት ጸኒሓ። ዜጋታታ ሰብኣዊ ክብሪ ተነፊግዎም፡ ከም ፍጡር ሰብሲ ይትረፍ ከም'ቲ ካልእ ህይወታዊ ፍጡር እውን ዘይተረኣዩሉ እዋን ነይሩ። ሕጂ እውን እቲ ንዕቀት፡ እቲ ብደዐ እቲ . . . በይኑ መልክዕቱ ወጺዓ ኣብ ልዕሊ ጸለም ኣፍሪቃዊ፡ ብበይኑ መንገዲ ዝቕጽል ዘሎ እዩ።

ኣብዚ እዋን እዚ እምበኣር፡ ብፍላይ መንእሰያት - ንዓለም ሓቐኛ ምስሊ ኣፍሪቃ ንምልላይ እንተላይ ኒሕ እናተዓጥቁ ፍልጠት ሰኒቖም ብዙሕ ክቡላታቱ ይረኣዩ ኣለዉ። ሓደ ካብኦም እዩ መምህር ፒተር። "እዚም ብበእዋኑ ዝቐልቀሉ ዘለዉ ከም'ኩቡቲ መንእሰያት ኣፍሪቃ፡ ሓደ መዓልቲ ስሞም ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ዓለም ግሁን ክኸውን እዩ። ደቂ-ንስትዮ ኣብቲ ዛንታ ዝዓበየ ክፋል ከም ዝሸፍና እውን ርግጸኛ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ብዙሓት ካብ ውሻጠኣን ወጺኤን ማዕረ ኣንጻር ጾታ ተሳቲፈን ብዓብላለ ደረጃ ክመርሓ ንርእየን ኣሎና። ገና ነቲ ዕድል ዘይረኸባ፡ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ እንተደኣ ተጸንቢረን ከኣ፡ እቲ ኣብ ዝተደናገረት ዓለም ዝጸንሐ ግጉይ ኣመለኻኽታ ፍጹም ከምዝቕየር ርግጸኛታት ክንኸውን ኣሎና" ብምባል፡ ጸላም ዝመስለሉ ሕሉፍ ገጽታ ኣህጉርና፡ ብተረኽቡቲ ወለዶታት ኣብ ቀረባ ዓመታት ከም ዝደምቕ ኣስሚሩሉ - መምህር ፒተር።

ካብ ንኡስ ዕድሚኦም ብሸግራት ዝዓኾኹ ቁልዑ፡ ጸገማቶም ምስኦም ንኸይበሉ ትምህርቲ እዩ እንኮ ፍታሕ። ፍልጠት - ክበጽሕ ናብ ዝደለ ደረጃ ዕብየት ዘሲግር ሓዱድ ስለዘኽፍት።

ኣብነታዊ መምህር ፒተር ካልእ ምንጪ ኣታዊ ዘይብሉ ክሰ፡ ጉዳይ ተማሃሮኡን ሕብረተሰቡን ከም ኣካል ውልቃዊ ሸቃሉ ሰሪሁ ዘጠኦ ሓሳቡ፡ ጠመተ ብዙሓት ክስሕብ ብምኽኣሉ፡ ንኻልኦት ኣብ

ዝተፈላለየ ሞያ ዝርከቡ ሰባት ኣርኣያ ኮይኑ ኣሎ። "ውልቃዊ ቀዳምነታቱ ብምጉሳይ፡ ሃገፍ ህዝቡ ክመልእ እኳ ዝተበገሰ ሕጂ እውን ነቲ ዝተበርከተሉ 1 ሚልዮን ዶላር፡ ኣብ ዕብየት ሕብረተሰቡ ከም ዘውዕሎ ርግጸኛታት ኢና" ዝበሉ ብዙሓት እዮም።

ኣብ መጻኢ ክተግብሮም ዝመደቦ ስራሓት እንተ ኣለውዎ ተሓቲቱ - መምህር ፒተር ክምልስ እንከሎ፡ "እዚ ዓወት እዚ፡ ኣብ መጻኢ ብዙሓት ንኽሰርሕ ዘተባብዓኒ እዩ። ኑቶም ኣብ ቀረባይ ዝርከቡ ጸገማት ተማሃሮ ጥራይ ዘይኮኑ ንኻልኦት ብማእለያ ዘይብሉ ብደሆታት ዝተሸበቡ ወገናት ጾሮም ንምፍኻስ እውን ብዝያምሰልካይ ክሰርሕ እየ" ኢሉ። "ጽገማት ተማሃሮ ክርኢ እንከለኹ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ኣብ ዝበርኩሉ እዋን ዘጋጥመኒ ዝበሩ ጸገማት እዮም ዝዘከሩኒ። ካብ'ቲ ዝነበርሉ ክሳብ ቤት-ትምህርተይ - ሸውዓተ ኪሎ-ሜተር ይጓዓዝ ነይረ። ኣብ'ዚ ደረጃ እዚ ንኽበጽሕ ዘሰገርክዎም መሰገደላት፡ ንሳቶም እውን ከም ዘጥርዎም ጥርጥር የብለይን። ብናህ መጻኢ ኣብ ቅድሚኦም ከምዘሎ ንኽኣምኑ፡ ንህያው ኣብነት ውልቃዊ ህይወተይ ክመሃርሉ ብቐጻሊ እየ ዝመክር።" ድማ ይወስኽ።

ኣዳለውቲ እቲ መደብ፡ ልዑል ተወፋይነት ኣብ ስራሕ፡ ክኢላ ደሊት ንምምህርና ወይ ፍልጠት ንምምሕልላፍ፡ ሕሉፍ ሰናይ ግብሪ. . . ንመምህር ፒተር ታቢቺ - ካብ ካልኦት ሕጹያት መማህራን ጸብለል ክብል ዝሓገዙ ረቛሒታት ምኳኖም ኣረጋጊጾም።

ዓመታዊ ዝኽንገድ ኣህጉራዊ ሽልማት ብሉጽ መምህር፡ ኣብ መጋቢት 2015 ዝጀመረ ኮይኑ፡ 'ናንሲ ኣትወል'ብዝተባህለ ዕውቲት ጓል-ኣንስተይቲ መምህር መጋረጃኡ ከፊቱ።

ንሱ፡ ተመሃሮ ልምዲ ንባብ ንኸጥርዩ - ብቐጻሊ ከንበቡ ከይሰልከየት ዝሰርሐት፡ ኣብ ሓደ ዓመት ማእለያ ዘይብሎም መጻሕፍቲ ዝሓገዘት. . . መምህር እያ። ንቲ ብመንገዲ 'ብልጽቲ መምህር' ዝረኸበቶ 1 ሚልዮን ዶላር፡ ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ ከውዕል እውን ወፍያቶ እያ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰማያዊት ሓይለኣብ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.08214595- 200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ዓንደመስቀል በርሀ

# ባልዓት መኽዘንን ኣገባብ ምክልኻሎምን



ወ/ሮ ሰላም ተኸለኣብ

ድሕሪ ምእካብ ምህርቲ፡ እቶም ቀንዲ ኣብ ኣእካልን ጥረታትን ጸገማት ዝፈጥሩ፡ ባልዓት መኽዘን እዮም። ኣብ ዝተኸዘነ ምህርቲ ዝወርድ ጉድኣት፡ ኣብ መደባት ምርግጋጽ ውሕስነት መአዛዊ መግብን ቀጻልነት ቀረብን ዓቢ ጽልዋ ኣሎዎ። ብግቡእ ዝተኸዘነ ምህርቲ፡ ንነዊሕ ግዜ ክይተባላሸወ ክዕቀብ ይኽእል። ከም ውጽኢቱ፡ ብዝግባእ ይሃልኽ፡ ኣብ ዕዳጋ'ውን ዝሓሸ ተጠላብነት ይህልዎ።

ኣእካል፡ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ በቐሎም ዝዕጸዱ ከም ምዃኖም መጠን፡ ቀጻልነት መግቢ ንምውሓስን ጠለብ ዕዳጋታት ንምምላእን ምኽዛን ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ፣ ስለዝኾነ'ዩ ድማ ብባልዓት መኽዘን ክስዕብ ንዝኽእል ክሳራ ኣብ ዝተሓተ ደረጃኡ ንምውራድ ዓቢ ስራሕን ኣተኩሮን ዝሓትት።

ኣብ መኽዘን ዝኣተወ ምህርቲ ብዝተፈላለዩ ባልዓት ክጥቃዕ ይኽእል። ንኣብነት፡ ዝተፈላለዩ ታህዋስያን (ነቓዝ፡ ሓሳኹ)፡ ኩርተፍቲ (ኣናጹ፡ ቅንፍዝ)፡ ኣዕዋፍን ካልኦት ዓጻማት እንስሳታትን ምጥቃዕ ይክኣል። ብደረጃ ዓለም ካብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ባልዓት፡ እቶም ዝለዓለ ክሳራ ዘስዕቡ ሓሳኹ እዮም። እቲ ዝዓበየ ዘስዕብዎ ክሳራ ምህርቲ ብምብላዕ ክኸውን ከሎ፡ ሓፈሻዊ ድማ ኣብ ምጉዳል ብቕዓት ብፍላይ ድማ በዞም ባልዓት ጉድኣት ዝወረዶ ዘርኢ ናይ ምብቋል ዓቕሙ ብኽቢድ ይጸሉ።

ሓሳኹ፡ ብቐጥታ ነቲ እኽሊ ብምብላዕ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ብተረፍ መረፍ ዝበልዕዎ እኽሊ፡ ቀልቀል፡ ዝሰርሕዎ ፈትሊ-መሰልን ዝመቱ ሓሳኹን ንዝተኸዘነ እኽሊ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ይገብርዎ። ኩነታት ጽሬት መኽዘን፡ ልዕሊ ዝኾነ ጥንቃቐ ዘድልዮ እዩ፣ እንተኾነ ግና ዝተኸዘነ እኽሊ ብባልዓት መኽዘን ምስ ዝጥቃዕ ማዕረ'ቲ ብምብልዖም ዝወርዶ ክሳራ፡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብሰንኮም ዘሰዓበ ጉድለት ጽሬት ዝጠንቆ ክሳራ ማእለያ የብሉን። ኣብ መኽዘን ዝፍጠር ምቖትን ጠልን ንምምዕባል ፋንጋስ (ዕሲ) የተባብዑ። እዚ ፋንጋስ ድማ ዝያዳ ክሳራ የስዕብ።

ብደረጃ ዓለም ብባልዓት መኽዘን ዝስዕብ ክሳራ ካብ 5% ክሳዕ 10% ይበጽሕ። ብዓይኒ ቑጠባ እንተርኢና'ውን ባልዓት መኽዘን ኣብ ምጉዳል ዋጋ እኽሊ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎም።

### ዓይነታት ባልዓት መኽዘን

ብሓፈሻ ባልዓት መኽዘን ብአመጋግብአምን ዘውርድዎ ጉድኣትን፡ ግዳማውያንን ውሽጣውያንን ባልዓት ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይኽፈሉ።

<u>ግዳማውያን ባልዓት፡</u> ዝብሃሉ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል እኽሊ ዝምገቡ ዓይነታት ባልዓት ክኾኑ ከለዉ፣ ብተወሳኺ'ውን እዞም ባልዓት ብውሽጣውያን ባልዓት ተበሊያም ዝተሳባበሩ ዘራእቲ ይምገቡ።

<u>ውሽጣውያን ባልዓት፡</u> ንምሉእ ክፋል እኽሊ ዝጥቅዑ ዓይነት ባልዓት ኲይኖም፡ መብዛሕትኦም እንቋቑሖኦም ኣብ ውሽጢ ኻርሲ ዘርኢ ወይ ኣብ ግዳማዊ ሸፋን ይጸፍይዎ። ዝተወሰነ ኽፋል ዑደት ህይወቶም ኣብ ውሽጢ እኽሊ ወይ ዘርኢ የሕልፍዎ። እዚ ኸኣ ናይ ምብቋል ዓቕሚ ዘርኢ ኣብ ሓደጋ የእትዎ።

### ዘውርድዎ ጉድኣት

ባልዓት መኽዘን ኣብ ብቐዓትን መጠንን ኣእካልን ጥረታትን ዘውርድዎ ሃሰያ ኣዝዩ ልዑል እዩ። እቲ ዘውርድዎ ሃሰያ ድማ ኣብ ክልተ ይኽፈል፡-

1. **መጠናዊ ክሳራ** (Quantiataive loses)፡- ብቐጥታ ምብላዕ ዘራእቲ ናይ ክብደት ምጉዳል ክሳራ የስዕብ። ከም ውጺኢቱ ድማ ኣብ ሚዛን ዓቢ ክሳራ የስዕብ። እቲ ዝተረፈ ኽኣ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ኹይኑ ኣብ ዕዳጋ ተቐባልነት ይስእን።

2. **ብቕዓታዊ ክሳራ** (Qualitative loses)፡- ባልዓት ኣብ ልዕሊ ዝምገብዎ ምህርቲ ዓቢ ናይ ብቕዓት/ ዓይነት ትሕዝቶ ለውጢ የምጽኡ። ኣብዚ ክጥቀስ ዝኽእል ቀመማዊ ለውጢ ትሕዝቶ እዩ። ዝተበከለ ዘርኢ፡ ዝተቓራረፈ ቁርበትን ዝተሰባበረ ክፋል ኣዝርእትን ኩሎም ተኣኻኺቦም ጠንቂ ሕማማት ዝኾኑ ደቀቕቲ ታህዋስያን ንኽምዕብሉ ባይታ ይፈጥሩ።

### ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት መኽዘን (ፊዚካውን መካኒካውን)

1. **ምንቃጽ**

መጠን ትሕዝቶ ጠሊ፡ ብሓፈሻ ኣብ ሕርሻዊ ምህርቲ ብፍላይ ድማ ንንውሕ ዝበለ እዋን ክኽዘኑ ዘሎዎም ምህርቲ ብግቡእ ክፍለጥ ዘሎዎ ረቛሒ እዩ። ዝተፈላለዩ ዘራእቲ ዝተፈላለየ ንምኽዛን ዝኸውን ትሕዝቶ ጠሊ ኣሎዎም። ክሳዕ'ቲ ዝግባእ ወይ ተደልዩ ዘሎ መጠን ጠሊ ዝሀልዎም ድማ ክኽዘኑ ኣይግባእን። ንኣብነት መጠን ጠሊ ኣእካል ካብ 11-12 ሚእታዊት ምስ ዝኸውን ጥራይ'ዩ ንኽትክዝኖም ዘተኣማምን። ሓድሓደ እዋን ቅድሚ ምእካቦም ወይ ምዕጻዶም ካብ ምርጋፍ ንምክልኻል ተባሂሉ ብዝግባእ ከይነቐጹ ይዕጸዱ እዮም። መጠን ምቁት እኽሊ፡ ልዕሊ 60 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ (ዲ.ሰ.ግ) ኲይኑ ካብ 10-15 ደቒቕ፡ እንተ ጸኒሑ፡ ኩሎም ደረጃታት ናይ ሓሳኹ፡ ማለት (እንቓቑሖ፡ ላርቫ፡ ፑፓ ከምኡ'ውን እኹል ሓሰኻ) ክመቱ ይኽእሉ። ስለዚ ድሕሪ ምዕጻድ፡ ኣእካል ብግቡእ ከም ዝነቕጹ ምርግጋጽ ኣገዳሲ እዩ።

2. **ኣብ ሞንን ኣእካል ዘሎ ፍልልይ (ጻዕቂ) ምጽባብ**

እኹላት ሓሳኹ፡ ኣዝዮም ድኹማት ከምኡ'ውን ሓጺር ዑደት ህይወት ዘለዎም እዮም። ከም ውጽኢቱ ድማ ጻዕቂ እኽሊ ኣብ ዘለዎ ክንቀሳቐሱ ኣይክእሉን እዮም። ኣብ ላዕለዋይ ቀጸላ፡ ክሳዕ 15 ሰ.ሚ ጥራይ ክበጽሑ ይኽእሉ። እዞም እኹላት ሓሳኹ፡ ዋላ'ኳ ካብ ዝተበልዐን ዝተበከለን እኽሊ ነቓሒም ዝወጹ ይኾኑ፡ ኣብ ጻዕቂ እኽሊ ዘለዎ ክንቀሳቐሱ ስለ ዘይኽእሉ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ቅድሚ ምስ ኣንስተይቲ ርክብ ምፍጻሞም ይሞቱ። በዚ ምኽንያት ድማ ዑደት ህይወቶም ይቋረጽ። ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ እኽሊ ዝፍጠር ፍልልይ ቦታ (ጻዕቂ)፡ ኣብ ቅርጺ ናይ እኽሊ ይምርኮስ። ንኣብነት፡ ምንቅስቓስ ናይ ሓደ እኹል ነቓዝ ጥረታት ንምግታእ፡ ካብ 7-10 ሰንቲ ሜተር ዝበጽሕ ንቑጽ ሑጻ ኣብ ልዕሊ እኽሊ ብምግባር/ ብምንጻፍ፡ ምክልኻል ከምዝከኣል'ውን ትዕዝብትታት የንጽሩ፣ ንኸይሕወስና ድማ ኣብ መንጎኦም ጸሊም ጎማ ወይ ወረቐት መፍለዩ ክንጥቀም ንኽእል። ብተወሳኺ፡ ደቀቕቲ ዘራእቲ ከም ጣፍን እንጣጢዕን ዝኣመሰሉ፡ ምስ ጥረታትን ሓዊስካ ምኽዛን'ውን ኣብ ምክልኻል ባልዓት ዓቢ ተራ ኣሎዎ፡ ምኽንያቱ ጥረታት ዝያዳ ካልኦት ኣዝርእቲ ተጠቃዕቲ ስለዝኾኑ።

3. **ምቕማጥ ቁጽሊ ኒም ኣብ ዝተኸዘኑ ኣዝርእቲ**

መጀመርታ ኣብ ታሕቲ ናይቲ እኽሊ ዝቕመጠሉ መትሓዚ (ቀፎ)፡ ሓድሽ ቁጽሊ ኒም ክሳዕ 1.5 ሰ.ሚ ዝበጽሕ ጸፍጺፍና ነንጽፍ። ብድሕሪኡ ብግቡእ ዝነቐጸ እኽሊ ክሳዕ 30 ሰ.ሚ. ናይቲ መትሓዚ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዘንጸፍናዮ ቁጽሊ ነቐምጥ። እቲ መስርሕ ኒም - እኽሊ - ኒም... እናበለ ክሳዕ መትሓዚ ዝመልእ ይቕጽል። ኣብ መወዳእታ፡ ቁጽሊ ኒም ደብዲብና ንገድፎ። እዚ ኣገባብ ውጽኢታዊ ዝኸውን፡ እኽልና ብባልዓት ከይተተንከፈ ኸሎ ምስ እንጥቀመሉ እዩ።

4. **ብግቡእ ነቒጹ ዝተወቕጠ ቁጽሊ ኒም ምስ ሓመድን ማይን ሓዊስካ ባህላዊ መኽዘን (ቀፎ) ምልቓላቕ**

ብግቡእ ነቒጹ ዝተወቕጠ ቁጽሊ ኒም ምስ ሓመድን ማይን ሓዋዊስና፡ ንዘሎና ባህላዊ መኽዘን (ቀፎ) ንልቕልቆ። ምስ ነቐጸ ኣብቲ ቐፎ ቁጽሊ ኒም ብምንጻፍ፡ እኽሊ ንመልእ'ሞ፡ እንደገና ብላዕሊ ቁጽሊ ኒም ሸፊንና ነቐምጦ። እንጥቀመሉ ቁጽሊ፡ ኩሉ ግዜ ሓድሽ ክኸውን ተመራጺ እዩ።

5. **ምሕዋስ ዝተወቕጠ ቁጽሊ ኒም ምስ እኽሊ**

እዚ ኣገባብ፡ ካብ ሓደ ክሳዕ ክልተ ኪሎ ግራም ብግቡእ ነቒጹ ዝተጣሕነ ቁጽሊ ኒም ምስ 100 ኪሎ ግራም እኽሊ ብምትሕውዋስ ዝካየድ መስርሕ ምኽዛን እዩ።

. . . ይቕጽል



---

ኣሰራርሓ መግቢ

## ምድላው ስብቆ ብጉዕ ባናና

<u>ዘድልዩ ነገራት</u>

- ሓርጭ ባናና/ ብማይ ውዑይ ተጠጢቑ ዝበሰለ ባናና - 35 ግራም
- ዝተሓመሰ ሓርጭ ብልቱግ/ ስርናይ/ ስገም - 65 ግራም
- ለሚን - 1 ማእከላይ
- ሽኮር - 20 ግራም
- ማይ - 1.25 ሊትሮ (5 ኩባያ)



<u>ኣገባብ ኣሰራርሓ</u>

መጀመርታ ሓርጭ ባናናን ምስ ዝተሓመሰ ሓርጭ ብልቱግ/ ስርናይ/ ስገም ይተሓዋወስ፡ 1 ኩባያ ልብጥ ዝበለ ማይ ኣብ ዝተሓዋወሰ ሓርጭ ባናና ብልቱግ ወይ ስርናይ/ ስገም ኣትዩ ይዳወስ። እቲ ዝተረፈ 4 ኩባያ ማይ ንበይኑ ይፈልሕ'ሞ፡ ናብቲ ኣቐዲሙ ዝተሓወሰ እናኹሉኻ ይኣቱ። ብድሕሪ'ዚ ንቕሩብ ደቓይቕ ይበስል። ካብ ሓዊ ምስ ወረደ፡ ጽማቝ ለሚንን ሽኮርን ይኣትዎ፣ ቁሩብ ህድእ ምስ በለ ድማ ንመግቢ ድሉው ይኸውን።

---

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝቐረበ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን ብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፡- ቁ.ስልኪ 182225/ 07143877/ 07620609/ 07182662 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሸባብ

ሃ.ግ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቒምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# “ክኸስሮ ኣይደልን’የ’ሞ እንታይ ትመኽሩኒ?”

*ሰላምታ የቐድም፣ ተማሃሪት ኮሌጅ ማይ ነፍሒ ቀዳማይ ዓመት እየ። ሓደ ብልቢ ዝፈትዎ መሓዛ ኣለኒ። ኣብቲ መጀመርታ እኳ ብዙሕ ይግደሰሉ ኣይነበርኩን፡ ድሕሪ ግዜ ሌላና እናዓሞቐ ምስ ከደ ግን ውሽጣዊ ጽባቐኡ ኣድኒቐዮ። ከምቲ ኣነ ዝብህጎ ወዲ ኮይኑ ጸኒሑ። ሕጂ ንዓይ ዘጨንቐኒ ዘሎ ነገር ከይረኽብክዎ እንተቀንየ እምብዛ እየ ዝናፍቖ፣ ዝበዝሕ ግዜይ ምስኡ ከሕልፎ እደሊ። እቲ ዘሕርቐ ነገር፡ ርክብና ብተሌፎን እዩ፣ ብኣካል ብዙሕ ኣይንራኸብን ኢና። ኣብ ንራኸበሉ ግዜ ከኣ ብፍላይ ብኣካል ወላ ንብዙሕ ሰዓታት ጸኒሕና ዕላሉ ኣይመንዎን እየ። ብወገኑ ማራ እዩ ግዱስ፣ ብጠዓሚ እዩ ሰባት ዝደሊ።*

*ከማይ ብዙሓት መሓዙት ኣለወኦ። ሕጂስ በቃ ምስኡ ክነብር እደሊ እየ፣ ግን ብኸመይ እየ ናተይ ዝገብሮ፤ ንሱ ኣብ ዕርክነት ኣይግደስን እዩ። ስለዚ እንተ ሓቲተዮ ሃንደበት ከይኮኖ እሞ ከይርሕቐኒ እፈርሕ። ምኽንያቱ ከም ዘስተውዓልክዎ ሕውነታዊ ፍቕርና ናብ ጾታዊ ፍቕሪ ክቕየር ዝደሊ ኣይመስለን። “ኩሉ ነገር ዕላማኻ ምስ ሃሪምካ ክኸውን ኣለዎ፡” ዝብል እምነት ኣለዎ። ኣነ ኸኣ ወላ እድግፎ እንተኾንኩ ከይቀደም ፈሪሐ፣ እሞ ኸኣ ክልቴና ቀዳማይ ዓመት ምኳንና እዩ። ክሳብ ንውድእ ካልኦት ከይወስድኦ ፈሪሐ። ስለዚ ብኸመይ እየ ኣብ ጾታዊ ፍቕሪ ኣእትየ ከምዝሓተኒ ዝገብሮ፤ ካልኣይ ከኣ ብእኡ ክሓስብ እየ ዝውዕል። ብፍላይ ከኣ ምስኡ ጸኒሐ ምስ ተፈላለና ብእኡ ምሕሳብ ስርሐይ ገይረዮ። እቲ ቀንዲ ዘሕርቐኒ ኸኣ ተራኺብና ጸኒሕና ምስ ተፈላለና ንኑብሰይ ብጠዓሚ ይጸልኣ። ዘይርጉእነት ይስመዓኒ። ስለዚ ብኸመይ ካብዚ ጸገም ናጻ ይኸውን፤ በጃኹም ገለ በሉኒ ሕማቅ ኣለኹ።*

*ስመይ ንዓኹም ጥራይ*

ብመጀመርታ ጸገም ከም ዘለኪ ተረዲእኪ ምኽሪ ምሕታትኪ ነድንቐኪ። ብምቕጻል ወላ’ኳ እዚ ብመልክዕ ደብዳበ ዝሕተት ምኽሪ ብሓደ ወገን ጥራይ ስለዝጸሓፍ እቲ ኣመኻሪ ክበርሃሉ ዝደልዮ ገለገለ ነጥብታት ከይበርህ ይተርፍ እንተኾነ፡ ካብዚ ሂብክና ዘለኺ ሓበሬታ ተበጊስና እተን መልሲ ዘድልየን ኣርእስታት ፈሊና ምስ ይበቅዕ’ዩ ዝበልናዮ ምኽሪ ኣቕሪብናዮ ኣለና።

መጀምርታ በቲ ኣብ ደብዳቤኺ ኣብ መእተዊ ከም ኣርእስቲ ኣእቲኽዮ ዘለኺ ነጥቢ ክንጅምር “ናይ ብሓቂዶ ኣፍቂረዮ ይኸውን?”

ወላ’ኳ ከም ኣርእስቲ ኣፍቂርክዮ ከምዘለኺ ዝተደናገርኪ ተምስል ኣርእስቲ እንተኾነት፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሓበሬታ ምስ ኣንበብካ ግን ከምዝተጠረጣርኪ ዘመልከት ሓበሬታ ኣይረአን። ምኽንያቱ ኣብ ሕቶኺ ብኸመይ መንገዲ ናትኪ ከም እትገብርዮ ኢኺ ጸቒጥክሉ ዘለኺ። ምናልባት ግን ኣብ መጀመርታ ስለዝጠቀስክዮ ከምዝተገልጸ ተሰሚዕኪ ኾይኑ እምበር ናይ ብሓቂ ትጠራጠሪ እንተኼንኪ እዚ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ብቐዳምነት እዚ ኣብ ልዕሊ’ዚ ወዲ ዘለኪ ፍትወት ሃነይነይታ ክኸውን ይኽእል’ዩ፡ እዚ ኸኣ ሸሕ’ኳ ኣብቲ ንነዊሕ እዋን ዝቕጽል ፍቕሪ’ውን ከም መበገሲ ዝኸውን እንተኾነ ብዙሕ እዋን ግን ብኸምዚ እትጅምሮ ፍቕሪ ኣብ ሓጺር ግዜ ዝብተኽን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ሃነይነይታ ዝጸንሐ ሰብ’ውን ምስቲ ኣብ ሓንጎሉ ስኢልዎ ዝጸንሐ ፋንታዝያ (fantasy) ስለዘይሰማማዕ ከከም ኩነታቱ ሞራላዊ ሃስያ ከስዕብን ይረአ። ከምቲ ኣብ ሕቶኺ ኣስፊርክዮ ዘለኺ’ውን ሓደ-ሓደ ነጥብታት ክንጠቅስ፤ እታ “ከማይ ዝኣመሰላ ብዙሓት መሓዙት ኣለዎኦ፡” ከምኡ እውን “ካልኦት ከይምንጥላኒ ፈሪሐ፡” ዝብላ ነጥብታት ክንጠቅስ።

ኣብዚ ክትርድእዮ ዘድሊ ነዚ ወዲ ካልኦት ኣዋልድ ስለዝግደሳሉ ወላ’ውን ናይ ብሓቂ ፍቕሪ ዘይብልኪ እንከሎ ቅንኢ ዝመበገሲኡ ፍቕሪ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ኣብዚ ኸኣ ብሰንኪ እቲ ቅንኢ ሓንጎልኪ ብግቡእ ስለዘየመዛዝን ኣብ ናይ ውድድር መንፈስ ኣቲኺ ብስሚዒት ስለእትኸዲ፡ ትወስድዮ ስጉምቲ ካብ ናይ ብሓቂ ድሌትኪ ወጻኢ ክኸውን ይኽእል። ከም መፍትሒ ናይዚ ብቐዳምነት ግዜ ሂብኪ ምስ ነብስኪ ኣዕልሊ። ቢሮን ወረቐትን ሒዝኪ ከምእትፈትውዮ ዝገበረኪ ነገራት ዘርዝርዮ። እዚ ኸኣ ነዚ ወዲ ብሓቂ ዲኺ ኣፍቂርክዮ ወላስ ሃነይነይታ’ዩ ኣብ ምንጻር ክሕግዘኪ’ዩ። ምናልባት ነዚ ወዲ ፈቲኽዮ ስለዘለኺ ምስ ካልኦት ኣወዳት ዘለኪ ርክብ ሉሕሉሕ ክኸውን ይኽእል’ዩ። እዚ ግን ንዓኺ ብዘይክኡ ካልእ ወዲ ከም ዘየለ ቀሪጽኪ ኣብ ውድድር ከእትወኪ ስለዝኽእል፡ ምስ ካልኦት ኣወዳት ኣዕልሊ፡ ተሓወሲ። እዚ ጌርኪ ቅሩብ ግዜ ተጸቢኺ፡ እቲ ዘለኪ ስሚዒት ምስ ዘይቅንስ ናይ ብሓቂ ፍቕሪ ክኸውን ይኽይል’ዩ’ሞ እቲ ዝተርፍ ከመይ ጌርኪ ኣብ ፍቕሪ ተእትውዮ’ዩ።

ቅድሚኡ ግን ኣብ ፍቕራዊ ዝምድና ምስ ትኣትዊ ትውፈይዮም (sacrifice) ነገራት ከም ዘለው ምርዳእ የድሊ። ሓደ ካብኡ ግዜ ኾይኑ ዝበዝሑ ሓደሽቲ ፍቑራት ብሓንሳብ ኮይኖም ብዙሕ ግዜ ከሕልፉ ይደሊዩ፣ ንስኺ ከኣ ከም ተመሃሪት ቀዳማይ ዓመት መጠን ምስ ትምህርትኺ ክጋጮ ተኽእሎ ኣሎ። ከም ካልኣይ ነጥቢ፡ በቲ ካብ ደብዳቤኺ ዝተረዳእናዮ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዕርክነት ኣይኣትኽን። ኣብዚ ኸኣ ምስዚ ወዲ ዕርክነት ምስ ትጅምሩ ኣቶኩሮኺ ምሉእ-ብምሉእ ኣብኡ ኺይዱ ኣብ ካልእ ትግደስሎም ነገራት፡ ብፍላይ ኣብቲ ኣቲኽዮ ዘለኺ ናይ ትምህርቲ ዓለም ጽልዋ ክህልዎ’ዩ። በዚ ኸኣ ቅድሚ ኣብ ዕርክነት ክትኣትዊ ምውሳንኪ፡ ብዛዕባ እዞም ነገራት ገምጋም ምውሳድ ከድልየኪ’ዩ።

ካብዚ ብምቕጻል ነቲ ደሊኽዮ ዘለኺ ወዲ ኣብ ፍቕሪ ኣብ ምእትው ዝሕግዙ ነጥብታት ክንጠቅስ፤ ኣብዚ ክንርድኦ ዘለና ግን ወላ’ኳ ገለገለ ኣብ ብዙሕ ሰብ ዝሰርሑ ምኽርታት እንተሃለዉ፡ ናይ ሰብ ምርጫ ዝተፈላለዩ ስለዝኾኑ “ከምዚ ግበሪ’ሞ ከፍቅረኪ’ዩ፡” ክንብለኪ ኣይንኽእልን።

ብመጀመርታ ካልኦት ከይወስዳልኪ ፍርሒ ክስመዓኪ የብሉን። ምኽንያቱ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዝጸናሕና ኣብ ውድድር ትኣትዊ ስለዘለኺ ሓንጎልኪ ብግቡእ ኣየመዛዝን’ዩ። በዚ ኸኣ ንዕኡ ደስ ይብሎ ኢልኪ ዝኣመንክሉ ነገራት ወላ’ውን ምስ ናትኪ እምነትን ኣተሓሳስባን ዘይሰማማዕ ነገራት ክትፍጽሚ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ሓደ ወዲ ኸኣ ንሓንቲ ከም ኣፍቃሪቱ ክሕዛ ዝደሊ ጓል ስቕ ኢላ ከም በጊዕ ኣብ ዝበሎ ትሰማማዕን ናታ መርገጺን ዘይብላን ጓል ዝህልዋ ኣጠማምታ ዘጉድል’ዩ። ነዚ ንምፍዋስ ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ብዛዕብኡ ምሕሳብ ቀንስዮ፣ ኣብ ክንድኡ ካልኦት ክትገብርዮም ደስ ዝብሉኺ ነገራት፡ ንኣብነት ፊልም ምዕዛብ፡ መጽሓፍ ምንባብ ኣዘውትሪ፣ ኣብ ርእሲ’ዚ ምስ ካልኦት ኣወዳት ኣዕልሊ፣ እዚ ኸኣ ባህርያት ኣወዳት ከትጽንዕን ካልኦት ኣወዳት’ውን ካልእ ጽባቐ ከምዘለዎም ተረዲእኪ፡ ምስኡ እንተዘይጀመርኩም ካልእ ወዲ ክትረኽቢ ከም ትኽእሊ ከምትርድኢ ክገብረኪ ይኽእል’ዩ። ብተወሳኺ ክሳብ ኣብ ፍቕሪ ኣቲኹም ናትኪ ከም ዝኾነ ተረጋግጺ ንዕኡ እንናዘከርኪ ከተሕልፍዎ እትኽእሉ ህይወት ኣይትሕለሚ። ምኽንያቱ ምናልባት ኣሉታዊ መልሲ እንተመጸኪ ምስቲ ኣብ ሓንጎልኪ ስኢልክዮ ዝጸናሓኪ ስለዘይሰማማዕ ሞራላዊ (emotional) ሃስያ ክስዕበልኪ ይኽእል’ዩ።

ምስዚ ብምትሕሓዝ እዚ ወዲ መሓዛኺ ምኳኑ ገሊጽኪ ኣለኺ። እዚ ኸኣ ንሱ’ውን ኣባኺ ተግዳስነት ከምዘለዎ ዘብርህ’ዩ። ንሓደ ዘይትፈትዎ ሰብ መሓዛኻ ስለ ዘይትገብሮ፡ ዝያዳ ናብኺ ንምቕራብ ድማ ኑብስኺ ከተልዕሊ ጀምሪ። እዚ ኸኣ ጽሬት ከምኡ’ውን ምስኡ ክትራኸቢ እንከለኺ ብዝተኻእለኪ መጠን ምስ ኑብስኺ ዝሰማማዕ ዘጸብቐልኪ ክዳን ተኸደኒ። ንሱ ክዕዘበኪ ኣብ ዝኽእል ቦታ ምስ ካልኦት ኣወዳት ኣዕልሊ፣ እዚ ኸኣ ምናልባት ኣብ ሓንጎሉ ከምትሕዝቲ (ናብ ካልእ ክትከዲ ከም ዘይትኽእሊ) ገይሩ ከይወስደኪ ስለዝሕግዝ ናባኺ ከም ዝቐርብ ክገብሮ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ነዚ ክትገብሪ እንከለኺ ግን ኮነ ኢልኪ ንዕኡ ከተቕንኢ ኢልኪ ትገብርዮ ከም ዘለኺ ክፈልጥ የብሉን። ብተወሳኺ ከም እትግደስሉ ክፈልጥ ጽቡቕ’ኳ እንተኾነ ኣዚኺ ግልጺ ኼንኪ ፍቕሪኺ ኣይትግለጽሉ ምናልባት ከም ትሕዝቲ ክውስደኪ ስለዝኽእል። ኣብ መወዳእታ ባህርያት ናይቲ ወዲ ከም ዝገለጽክዮ፡ ኣብ ትምህርቱ ከም ዝግደስን ኣብ መፈጸምትኡ ክብጽሖ ከኣ ከም ዕላማ ሒዝዎ ከም ዘሎ ገሊጽኪ ኣለኺ። ኣብዚ ኸኣ ኣብ ትምህርትኹም ትተሓጋገዝሉ መንገዲ፡ ንኣብነት ብመልክዕ ዘተ (discussion) ፈጢርኪ ኣብ ባህርያትኩም’ውን ተምሳሳልነት ከም ዘልኩም ኣርእይዮ። ንዝኾነ ክመጽእ ዝኽእል መልሲ ድልውቲ ኹኒ። ምኽንያቱ ንሱ ሕራይ እንተዘይበለኪ ካልኦት ምስ ባህርያትኪ ዝሰማምዑን ከምታ ዘለኽያ ዝቕበሉኽን ኣወዳት ስለዘለው።



## ካብ ሕክያታት ሙላ ነስረዲን

**ሱራፌል ተ.**

ሓደ ኣቦ ንነኣሽቱ ኣዋልድ ደቁ ሒዙ ናብ ሓደ ዝተፈላለየ መዘናግዒታት ዘሎዎ ደምበ ከደ። ኣብቲ መዘናግዒ ብማዕዶ ዝፈልጦ ሰብ ዝረኣየ መሰሎ’ሞ ናብኡ ቀረበ። ኣብ ሽንከለውለው ዘብል ዘዋሪ መጻወቲ ሙላ ነስረዲን ሽንከለውለው ክብል ጸንሖ። ምሉእ መዓልቲ ሽንከለው ክብል ተዓዘቦ። እቲ ዘዋሪ ዕንክሊል ደው ምስ በለ፡ ሙላ ነስረዲን ብጉያ ብምውራድ፡ ማይ ሰትዩ ቅድሚ ምብጋሳ ግምጥል ክብል፡ በቲ ደቁ ሒዙ ዝመጽአ ሰብኣይ ሓለፈ።

“ኣንታ ሙላ፡ ንስኻ ሽንከለውለው ምባል ትፈቱ ኢኻ ማለት’ዩ፣ ሓቀይዶ?” ክብል ሓተቶ።

“ኣይፋለይን፣ ክጽላኣኒ’ኳ ደኣ፣ ትርእየኒ እንዶ ኣለኻ ብሰንኩ ዕግርግር ክብለኒ፡” ድሕሪ ምባል ሙላ፡ “እንተኹነ ነዚ ዋና እዚ ደምበ ሰማንያ ቅርሺ እእውዶ ነይረ። እታ ሓንቲ ሰልደይ ዘማልሰላ መገዲ እዚኣ ስለ ዝኾነት’የ፡” ብምባል ናብ ሽንከለውለው ተመልሰ።



ሓበን ተስፋሚካኤል

# ጸወታ ‘ቪድዮ ገይም’ ምምዝባል ትርግታ ልቢ የኸትል

ኣብ ቴለቪዥንን ኮምፒዩተርን ተንቀሳቐሲ ስእሊ እናርኣኻ ከም ኮዕሶ እግርን ካራተን ዝኣመሰሉ ጸወታታት ምኪያድ፡ እናተለመደ ዝመጸእ ዘሎ እዩ። እዚ ብሓገዝ ኤሌክትሮኒክስ ተጠቒምካ ዝጽወት ዓይነት ጸወታታት፡ ባህታና ዘሐድሰኳ እንተኾነ ኣብ ጥዕና ልቢ ግን ጉድኣት የውርድ ኣሎ።

ኣብ ጥዕና ልቢ ኣመልኪቶም ዝመራመሩ ክኢላታት፡ ቴለቪዥን ተጠቒምካ ዝካየድ ጸወታ ወይ ቪድዮ ገይም፡ ንትርግታ ህርመት ልቢ የመዛብሎ ምህላዉ ሓቢሮም። እዚ ብፍላይ ብቖልዑ ተፈታዊ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ‘ቪድዮ ገይም’፡ ንቕልጣፈ ትርግታ ልቢ የጓህር ከም ዘሎ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም።

ቈልዑ፡ ኣብ ጸወታ ቪድዮ ገይም፡ ‘ኣነ ክስዕር ኣለኒ’ ብዝብል ወኒ ስለ ዝጻወቱ፡ ብሰንኪ ስምዒታቶም ህርመት ልቦም ይለዋወጥ። እቶም በዚ ዓይነት ጸወታ ኣመና ውሉፋት ዝኾኑ ድማ፡ ኣብ ሞንጎ ጸወታ ውኖኦም ይስሕቱ። ሃለዋቶም ዝጥፍኡ ቈልዑ ምስ በዝሑ እዩ ከኣ፡ እቲ መጽናዕቲ ተኻይዱ።

ብድሕሪ እቲ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝመጹ ቈልዑ ዝተኻየደሎም መጽናዕቲ፡ እቶም መዓልታዊ ‘ቪድዮ ገይም’ ዝጻወቱ ሓደገኛ ናይ ልቢ ጸገም ከም ዘለዎም ክረጋገጽ ክኢሉ።

ካብ’ዚ ብምቕጻል፡ እቶም ተመራመርቲ፡ ብመንገዲ ኤሌክትሮኒክስ እንጻወቶም ዓይነት ጸወታ፡ ዕድመ ብዘየገድስ ኣብ ጥዕና ጉድኣት ከውርዱልና ከም ዝኽእሉ ኣጠንቂቖም። ኩነታት ጥዕናና ኣብ ግምት ብምእታው፡ እንጻወተሉ ግዜ ክንምድብን ደረት ክንገብረሉን ከም ዘለና ከኣ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ቈልዑ፡ ሓፈሻዊ ጥዕናኦም ኣብ ምህናጽ ክሕግዞም ዝኽእል ነገራት ኣብ ምምራጽ ሓላፍነታውያን ክኾኑ ስለ ዘይክእሉ፡ ኣብ’ዚ ተላዒሉ ዘሎ ኣርእስቲ ተራ ወለዲ ብዓቢኡ ክዓዝዝ ወሲኹም ኣገዚቦም።



# ጉተት እናበልካ ምስጓም፡ ምልክት ጸገም ኣእምሮ ክኸውን ይኽእል. . .?

ቀልጢፊ ስጉምትታትና ካብ ሰብ ናብ ሰብ ስለዝፈላሉ ገለና ሃዲእና ንስጉም ገለና ድማ ቅልጢፊ ዝተሓወሶ ኣሰጓጉማ ኢዘውትር ኣለና። ተመራመርቲ ዩኒቨርስቲ ሞናሽ - ኣውስትራልያ፡ ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ኣብ ኣሰጓጉማኦም ኣመና ህዱኣትን ጉተት በሃልትን እንተኾይኖም፡ እዚ ምልክት ጸገም ናይ ምግዛእ ክፋል ኣእምሮኦም ምዃኑ ሓቢሮም።

እቶም ተመራመርቲ፡ ዓበይቲ ሰባት ክጉዓዙ እንከለው፡ ከይወድቑን ከይዕንቀፉን ስክፍታታት ስለ ዘለዎም፡ ቀስ ኢሎም ክኸዱን ክስጉሙን ንቡር እዩ ይብሉ። እንተኾነ ብዕድመ ዝደፍኡ ሸማግለታት፡ ኣመና ህድኣት ዝተሓወሶ ኣሰጓጉማ ምስ ዝህልዎም፡ ብሰንኪ ናይ ምግዛእ ዓቕሞም ምጉዳል ዝተኸሰተ ጸገም ናይ ኣሰጓጉማ ከም ዝኾኑ እዮም እቶም ተመራመርቲ ዘረድኡ።

እቶም ተመራመርቲ ኣብ ልዕሊ ኣሉ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ ንምርግጋጽ፡ ልዕሊ 65 ዓመት ዕድመ ዝበጽሑ ኣስታት 17 ሽሕ ሰባት ብምስታፍ እዮም መጽናዕቶም ኣካይዶም።



ካብዞም ተሳተፍቲ ድማ እቶም ቅልጢፊ ኣሰጓጉማኦም ኣኪያይዳኦም ዓመት ዓመት እናሃደአ ዝመጸኡ ሰባት፡ ብክእሎም ረሰዕ ዝተጠቕዑ ምዃኖም ተፈሊጡ። ብተወሳኺ፡ እቲ ኣብ ምምሃርን ተዘክሮታት ኣብ ምዕቃብን ዝጥፍ ክፋል ኣእምሮኦም፡ ምስ ኣሰጓጉማኦም ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ በቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ኣረጋጊጾም።


“ኣብ ናይ ሰብ ኣካላት ዝርከቡ ክፋላት፡ ኣደማምዓ ዝተሓወሶ ኣሰራርሓ ዘለዎን ኩሎም ብሓደ ምትእስሳር ዘለዎም እዮም። ብኻልእ ዘረባ ኣካላትና ምስ ኣእምሮና ምትእስሳር ከም ዘለዎ እውን፡ በዚ ዘካየድናዮ መጽናዕታዊ ምርምር ክንረጋገጽ ክኢልና ኣለና” ትብል ኣቢተ ምርምር ዘካየደት ዶ/ር ቪክቶርያ ኮልየር። ንኣ ኣስዒባ “ብእግርና ክንጓዓዝ እንከለና፡ ኣሰጓጉማና ምስ ሓንጎልና ዝተኣሳሰረ ብምዃኑ፡ ናይ ምግዛእ ዓቕምና ብቐሊሉ ክንፈልጦ እንኽእል ኣገባብ ኩይኑ እዩ ተረኺቡ ዘሎ። ስለዚ፡ ኣሰጓጉማና መፍለጢ ተገንዘቦኣዊ ክፋል ኣእምሮና ክኸውን ይኽእል” ትብል።

እቶም ተመራመርቲ፡ ካብቲ ዘካየድዎ መጽናዕቲ ተበጊሶም፡ ሓንጎል ምስ ዝተፈላለየ ክፋል ኣካላትናን ዓቕምናን ዝተተሓሓዘ ስለ ዝኾነ፡ ክንጥንቀቐሉ ከም ዘለና ኣዘኻኺሮም። ጥዕና ኣእምሮና ንምሕላው ድማ፡ ዝምህሩናን ዘዘናግዑናን ነገራት ኣብ ምፍላጥን ምንቃሕን ክንጥንፍ ከምዝግባእ፡ ሞያዊ ምኽሮም ሂቦም።

# ‘ስማርት ዓራት’ ጥዕና ይምርምር

ኣቐዲሞም ተማሂሮም ዝጸንሑ ነገራት፡ እናማዕበሉን ለውጥታት እናተኻየደሎምን እዮም ዝቐርቡ ዘለው። እቶም ነገራት፡ ካብቲ ፈለማ ክምዝኡ እንክለው ዝበርሆም ጥቕሚ፡ ተወሳኺ ኣገልግሎት እናሃቡ ድማ እዮም ዝመጹ ዘለው።

ተመራመርቲ ዩኒቨርስቲ ሚዙሪ - ኮሎምቢያ፡ ጸገማት ጥዕና ክምርምር ዝኽእል ‘ስማርት ዓራት’ ምህዞም ኣለው። ንሳቶም፡ ኣብ ትሕቲ ፍርናሽ ናይቲ ስማርት ዓራት፡ ብመንገዲ ሰልኪ-ኣልቦ ምስ ሞባይልን ኮምፒዩተርን ብዘራኽቦ ኣገባብ ዝተኣሰረ ኤሌክትሮኒክስ ገጀርም እዮም ኑቲ ምህዞ ኣዋልዮሞ ዘለው።



እቲ ስማርት ዓራት፡ ስርዓታዊ ምንቅስቓስ መትንታት ደምን ካልእ ኩነታት ጥዕናን ዝምርምር ኩይኑ፡ ኣብ እዋን ለይቲ እኹል ሰዓታት ድቃስ ኣዕሪፍካ እንተደቂስካ እውን ዘረጋግጽ እዩ። እቶም ተመራመርቲ እቲ ‘ስማርት ዓራት’ ንሕሙማት ኣብ ርሑቕ ቦታ ኩይንካ ክትከታተሎም ዘኽእል ብምዃኑ፡ ብፍላይ ኣብ ኣገልግሎት ሕክምና ኣገዳሲ ምህዞ ከምዝኸውን ኣብሪሆም።

ኣቢታ ስማርት ዓራት ብምድቃስ ጥራይ፡ ኩነታት ጥዕናኻ ክትፈልጥ፡ ጸገማት እንተሃልዩካ ድማ ከየበኣሰ እንከሎ ኣቐዲምካ ክተለልዮን ኣብ ምፍዋሱ ክትጓየን ዝኽእል ምዃኑ፡ እቲ ረቂቕ ብልሓታዊ ምህዞ ብበዙሓት ክኢላታት ቴክኖሎጂ ተማሂርሉ ደርኩቡ።

# በራሪት ታክሲ ንፈተነ ኣብ ዱባይ!

ተመራመርቲ ቴክኖሎጂ ዘቕርብዎም ዘለዉ ማስተማክር ምህዞታት፡ ንኩነታት ክሊማ ዓለም ኣብ ግምት ዘእትዉን ንዳዪ ዝትክኡን ኤሌክትሮኒክስ ኣብ ምምሃዝ እዮም ዝርከቡ ዘለዉ። ካብ ማካይንን ፋብሪካታትን ዝወጽኡ ዘለዉ መርዛማት ጋዛት፡ ከቢድ ብከላ ኣየር የስዕቡ ብምህላዎም፡ ጸዓት ኤሌክትሪክ ዝጥቀማ ተሽከርከርቲ ክበዝሓ ኣገዳሲ ደርኩቡ።

ቻይናውያን ተመራመርቲ ኣብ ኣየር እትበርር ታክሲ ብምምሃዝ፡ ኣብ ዱባይ ንፈተነ ከምዘቕረብዋ ተሓቢሩ። እዛ ክልተ ተሳፈርቲ እትጽዕን በራሪት ታክሲ፡ ኣብ ሰዓት 130 ኪሎ ሜትር ክትጉዓዝ ዘኽእላ ዓቕሚ ገዲርም እያም መካዚታ ኣዳልየሞ።



እዛ ‘ኤክስፔንግ ኤክስ2’ ተባሂላ ብመካዚታ ተሰምያ ዘላ በራሪት ታክሲ፡ ዘይከም ኤሮፕላንን ሄሊኮፕተራትን ዝኣመሰላ ኣብ ኣየር ዝበርራ ተሽከርከርቲ፡ መዓርፎ ኤሮፕላን ዘድልያ ኣይኮነትን። ደው ክትብለሉ ኣብ ዝተኣዘዘ ጽርግያ፡ ካብቲ ክትበርሉ ዝጀመረቶ ህዋ ብዘይ ጸገም ናብ መሬት ገጽ ብምውራድ፡ እተገልግል ተሽከርካሪት ብምዃና ድማ ዝያዳ ተበሃጊት ምህዞ ገይሩዋ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ እዛ ኣዚያ ዘመናዊት ታክሲ፡ ናይ ትራፊክ መምልኢ ባዘርን ካልኦት ከጸፈፋ ዘለዎም ጉዳያትን ምስ ተማልኦ፡ ውሕስነታ ተረጋጊጹ ኣብ ኣገልግሎት ክትውዕል ምኽኣና መካዚታ ይገልጹ።

# “ኣስታት ፍርቂ ካብ ዓሌታት ኣዕዋፍ፡ ብሰንኪ ሰባት ጉዲለን” ተመራመርቲ

ካብቲ ተፈጥሮኣዊ ጽባቐ ዓለምና፡ ማስሕብ ቱሪዝምን ኣከባብያዊ መልክዕ ዝህቡን እንስሳታት ዘቤትን ዘገዳምን ምኻኖም ርዱእ እዩ። የግዳ እዞም ክንዕቅቦም ዘለና እንስሳታት ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ጸገማት፡ ካብቲ ክቕመጥሉ ዝጉብኦም ስፍራ ወጺኦም ናብ ሰባት ዝበርሉ ቦታ ይመጽኡን ገሊኦም እውን ዓሌቶም ይጸንቱን ኣለው።



ተመራመርቲ ዓለምለኻዊ ምዕቃብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ካብ ዝተፈላለያ ዓሌታት ኣዕዋፍ፡ 49 ሚእታዊት ይጉድላ ከም ዘለዋ ሓቢሮም። ኣስታት 13 ሚእታዊት ካብ ዓሌታት ኣዕዋፍ እውን ደጸንታ ምህላወን ኣተሓሳሲቦም። እዚ ምንካይን ምጽናትን ዓሌት ኣዕዋፍ፡ ደቂ-ሰብ ብዘዙብርዎ ዘለው ዘይሓላፍነታዊ ብርሰት ኣግራብ ምዕናው ጫካታትን ምዃኑ እቶም ተመራመርቲ ኣረዲኦም።

ኣብ 1970ታት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ብዝበዝሐ ዝነበራ ዝተፈላለያ ዓሌታት ኣዕዋፍ፡ ኣብ’ዚ እዋን እዚ፡ ናብ ኣገዞ ትሑት ቁጽሪ ጉዲለን ምህላወን ኣቢቲ መጽናዕቲ ከም ኣብሶት ቀሪቡ። እዚ ድማ ብሰንኪ’ቲ ጉድኒ ጉድኒ ናይ ምምዕባልን ምሕንባጽን ቴክኖሎጂ፡ ኣብ ጫካታት ስፍራ እንስሳታት ዘኸትሎ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋ ምዃኑ በቶም ተመራመርቲ በሪሁ።

ኣብ መወዳእታ እቶም ተመራመርቲ፡ እንስሳታት ዝቕመጥሉ ስፈራታት ክፀኑ እንክሎ ካዝበን ናብን ፋሕ ፋሕ ክብሉን ክጠፍኡን ግድነት ኩይኑ፡ ሰባት ኣብ ምዕቃቦም ክሰጥፍ ከም ዘለና ኣገዚቦም። ብተወሳኺ፡ ቴክኖሎጂ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና እወታዊ ተራኡ እንተሃለዎ፡ ብሰንኪ ብውሕልነት ዘይምጥቃምና ግን፡ ነቶም ብተፈጥሮ ጥራይ እንረኽቦም ዓሌት እንስሳታት ከይጸንቱና ስግኣታት ክኢላታት ምዕቃብ ኣብጢ ለዋኦም የመሓልልፉ።

# ናይ እትፈትዎ ሰብ ስእሊ ምርኣይ ቃንዛ የጉድል!

ሓደ ካብቲ ቃንዛታትና ከህድኣልና ዝኽእል መድሃኒት፡ ናይ እንፈትዎም ሰባት ስእሊ ብምርኣይ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ኣብ’ዚ ዓውዲ ኣተኩሮም ዘጽንዑ ተመራመርቲ ይሕብሩ ኣለው። ንሳቶም፡ ምስሊ ናይ’ቶም ምሳና ዘየለው ሰባት ብመልክዕ ደረቕ ስእሊ ክንርእዮ እንከለና፡ ኣብ ስምዒታትና ዝፈጥሮ እወታዊ ጽልዋ ሓያል ምዃኑ ኣረዲኦም።

እዚ መጽናዕቲ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ሕክምና ዝተዓቖቡን ጽቡቕ ፍቕራዊ ዝምድና ዘለዎምን ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ-ኣንስትዮን ብምእካብ እያም እቶም ተመራመርቲ መጽናዕቶም ኣካይዶም። እቶም ተሳተፍቲ፡ መጻምድቶም ምስኦም ዘይርከቡኳ እንተኾኑ፡ ስእሊ ናይ መጻምዶም ኣብ ዝርእዩሉ እዋን ቃንዛታቶም ብመጠኑ ዝገ ከም ዝበሎምን ከም ዝሕሾምን ገሊጾም።

ጉድኒ ጉድኒ እቲ ኣብ ሕክምና ኩይኖም ንሕማሞም ዝፍውስ መድሃኒት እናተኸታተሉ ከኣ፡ ተወሳኺ ፈውሲ ቃንዛኦም ኩይኑ ዘገልገሎም፡ ስእሊ ናይ ፈተውቶም ምንባሩ እቶም ተሳተፍቲ ሓቢሮም።





መም. ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ዛንታ ምትሕግጋዝ

ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

ዓሊ መመለሱ ፈርሀ። ኣብ ስራሑ ክሽየን ዝተረፈ የብሉን። ብናይ ጓል ሰፈሩ ጻዕሪ ግን ዓቢ ተስፋ ገበረ።

ራህዋ ህድእ ኢላ ሓሰበት። ጽንሕ ኢላ ንርሳስ ደጋጊማ ርኣየታ። ቅድሚ ክልተ መዓልቲ ዝተገዝኣት ሓዳስ ርሳስ እያ። ገለ ሓሳብ ስለዝመጽኣ ርሳስ ካብ ዝበርሮ ጣውላ ኣልዒላ ናብ መምህራ ሰገመት።

መምህር ገና ይጽሕፉ ኣለው። ኣብ ጉድኖም ክሳብ እትበጽሕ ኣየቓለቡላን። ኣብ ጥቓኦም ምስ በጽሐት፡

"እዚ ልዋም ድሓን ዲኺ? ተጸሊኡኪ ድዩ?" ገጾም እስር ኣቢሎም ሓተትዋ። ሓሚማ ከይትኸውን ሰጊኦም። ራህዋ ብጠቢያን ትምህርታን ዝማስገነት ስለዝኾነት፡ መምህር ክፈትውዋ መዓት እዮም። ኣብ ልዕሊ ድማ ዓቢ ክብሪ ኣለዎም።

ራህዋ፡ "ድሓን እየ መምህር። ዓሊ ወዲ ሰፈረይ ርሳስ ረሲዑ መጺኡ፡ ርሳስ ስለዘየምጽአ ይብኪ ኣሎ። ኣነ ድማ ርሳሰይ ነዋሕ ስለዝኾነት ንኽልተና ክትከውን ክትመቕልዋ ደልየ" ህዱእ ተዛረበት።

መምህር ብዘረብኣ ሓጎስ ተሰምዖም። ኣብ ጸጉሪ ርእሳ እናደረዙ ናብ ተማሃሮ ገጾም ቁሊሕ በሉ፡ "ሕራይ ተማሃሮ ሓንሳብ ምጽሓፍ ኣቋርጹ፡" ኒዩም ኣብ ሰለስተ ሪጋ ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ ተማሃሮ ጠመቱ።

ኩሎም ተማሃሮ ምጽሓፍ ኣቋሪጾም ናብ መምህርዎም ጠመቱ።

መምህር፡ "ከምቲ ኩልና መምህራን እንምዕደኩም ክትተሓጋገዙ ኣለኩም። ሎሚ ራህዋ ጓል ክፍልኩም ኣዝዩ ደስ ዘብል ሓሳብ ኣምጺኣ ኣላ። ወዲ ሰፈራ ዓሊ ርሳስ ረሲዑ መጺኡ" መምህር ናብ ዓሊ ጠመቱ።

ዓሊ ተሰኪፉ ርእሱ ኣድነነ።

መምህር ዘረብኦም ቀጸሉ፡ "ራህዋ ድማ ናተይ ርሳስ ነዋሕ ስለዝኾነት ነዛ ናተይ ርሳስ ንኽልቴና ምቕላ ኢላትኒ" ተማሃሮ ተመሲጦም ይሰምዕዎም ምንባሮም ኣረጋገጹ።

ተማሃሮ ተግባር ጓል ክፍሎም ኣሐጎሶም።

መምህር ዘረብኦም ቀጸሉ፡ "ሓቀኛ ሓገዝ ከምዚ እዩ። ዘድልዮካ ንሱብ ክትህብ እንከሎካ ናይ ብሓቂ ሓጋዚ ኢኻ። ስለዚ፡ ራህዋ ርእይዋ ሓዳስ ርሳስ መሊና ንወዲ ክፍላ ክትህብ ወሲና። ራህዋ፡ ኣዚኺ ንፍዕቲ ተማሃሪት ኢኺ። በዚ ተግባርኪ ድማ ኮሪዐ ኣለኹ" ኣብ ጸጉሪ ርእሳ ደረዝዋ።

ራህዋ ብዘረባ መምህራ ተደሰተት። ከምስምስ ድማ በለት።

መምህር፡ "እዚ ተግባር ኩሉ ተማሃራይ ክስዕቦን ክተግብሮን ኣለዎ። 'ብምሁብ ዝደኸየ ሰብ የለን' እትብል ጽሕፍቲ ኣንቢብ ነይረ። ምስ ሃብካ ሕልናኻ ይዓግብ፡ ቀሳት ይሰምዓ ልዕሊ ኩሉ ሕጉሳትን ብሱባ ፍትወትን ትኸውን። እምብኣር ፍቱዋት ተማሃሮ ዚ ኣበታዊ ተግባር ክትስዕብዎ ኣለኹም። በሉስከ ሕጂ ኩልና ንራህዋ ጸቡቕ ገርና ነጣቕዓ" ንተማሃሮ ተኩርም እናጠመቱ ተዛረቡ።

ኩሎም ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ትናወጽ ኣጣቕዑ።

ራህዋ ሓጎሳ ክትቆጻጸሮ ኣይከኣለትን። ባህታ ዓሰላ። ንተማሃሮ ቀሊሕ ኢላ ክትርእዮም ተሰከፈት። ከምስምስ ኣበዘሐት። ውሽጣ ዓገበ።

መምህር፡ ንራህዋ ኮፍ ክትብል ሓበርዋ።

ራህዋ ናብ ሰፈራ ከይዳ ኮፍ በለት። ኣብርቲዓ ድማ ኣስተንፈሰት። ኑቡሳ ክርህጽ ተፈለጠ።

መምህር፡ ራህዋ ኮፍ ድሕሪ ምባላ ጉሪርኦም ጸሪጎም ክዛረቡ ጀመሩ፡ "እዚ ሎሚ ራህዋ ዝገበረቶ ንዓይ፡ ንዓኹም ንኹልና ዓቢ ትምህርቲ እዩ። ስለዚ፡" ዘረብኦም ኣቋሪጾም ናብታ መትሓዚ ንብረቶም ሰገሙ። መትሓዚ ንብረቶም ክፍትሹ ጀመሩ።

ድሕሪ ናይ ገለ ካልኢታት ፈቲሾም ክልተ ሓደስቲ ርሳሳት ረኸቡ። ነተን ርሳስ ኣብ የማናይ ኢዶም ሐዞም፡ "ምስ ሃብካ መሊሱ እዩ ዝወስኸካ። ኣነ ድማ እዚኣ ንዓሊ፡ እዚኣ ድማ ንራህዋ ክህቦም እየ። እዛ ናይ ሎሚ ትምህርቲ ኣይትረስዕዎ። ተሓጋገዙ ሕብረተሰብ ኤርትራ ምትሕግጋዝ ባህሉ እዩ። ብዘይ ምትሕግጋዝ ዝነብር ሰብ ኣይነብሩን እንስሳውን የለን። ገለ እንስሳታት ካብና ንላዕሊ ይተሓጋገዙ እዮም። ራህዋ በዚ ሎሚ ዝምሃርክና ኣዝዩ ኣመስግነኪ፡" ናብ ራህዋን ዓሊን ሰገሙ። ኣብ ቅድሚኦም ደው ብምባል ንኽልቲኦም ሓደስቲ ርሳስ ሃብዎም።

ኩሎም ተማሃሮ ብናይ ራህዋን መምህርዎምን ተግባር ተሓጒሶም ደጋጊሞ ኣጣቕዑ። ቤት ትምህርቲ ዳግማይ ብጣቕዒት ተናወጸት። መምህር ብሓጎስ ከምስ በሉ።


ኩሎም ተማሃሮ በዚ ሎሚ ዝተዓዘብዎ እናሓሰቡን ከም ራህዋ ክኾኑ እናተመነዩን ዕዮ ክፍሎም ክሰርሑ ጀመሩ።

ፍትዋት ተማሃሮ፡ ሓቀኛ ሓገዝ ዘድልዮ ንኻልእ ምሃብ እዩ። ስለዚ፡ ንተሓጋገዝ ህይወት ወዲ ሰብ ብዘይ ምትሕግጋዝ ኮንቱ እያ። ሓገዝ ዘይደልን ክሕግዝ ዘይክእልን ሰብ ድማ የለን!!



# ብመደብ ምጉዓዝ

ፍቱዋት ተማሃሮ ብዘይ መደብ ዝተጓዓዝኩምላ መዓልቲ ትህሉዶ? እወ እንተኾይኑ መልሰኹም? ኣነ ድማ ኣይፋል ምበልኩ! ምኽንያቱ ሓደ ተማሃራይ ንግሆ ይትንስኡ፡ ድሕሪ ምትንስኡ ዝቆርሰሉ ግዜ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸደሉ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸደሉ መገዲ፡ ሰዓት ክንደይ ክበጽሕ ኣሎዎ? ምስ ደቂ ገዛውቱ እንታይ ዓይነት ጸወታ ይጻወት? ምስ በዓል መን ይጻወት?... ይምድብ። እዚ መደብ ብጽሑፍ ዘይሰፈረ ስለዝኾነ ከም መደብ ኣይንርእዮን ንኸውን። እንተኾነ እዚ'ውን መደብ እዩ።



ዕውታት ሰባት ናይ ዓለምና፡ ዕውታት ተማሃሮ፡ ንፉዓት መራሕቲ... እቶም ብመደብ ዝምርሑ እዮም። እቶም ብመደብ ዘይከዱ ግን ክዕወቱ ኣይክእሉን።

ንሕና ተማሃሮ'ከ ብመደብዶ ንጉዓዝ ወይ ብዘይ መደብ?

ፍቱዋት ተማሃሮ፡ ንሕና ከም ተማሃሮ መጠን ኩሉ ምንቅስቓስና መደብ ሰሪሕና ንዝለና ግዜ ብዓገቡ ክንመሓደሮ ይግባእና። ብዘይ መደብ እንተተጓዒዝና ክንዕወት ዝከኣል ኣይኮነን።

እምብኣር ንሎሚ ናይ ሓንቲ ኣብነታዊት ተማሃሪት መደብ ከም ኣብነት ክንርኢ ኢና። ዘውጻእክምዎ መደብ ምስ ናይዛ ተማሃሪት ኣረኣእዩዎ።

ተማሃሪት ሩት ተወልደመድህን ትበሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ ሰላም ተማሃሪት 4ይ ክፍሊ እያ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ትምህርቲ ካብቶም ዕዉት ተማሃሮ ነይራ። ኣብ ምጅማር ሓድሽ ዓመት ትምህርቲ ድሮ መደባ ሰሪዓ ብቲ ዘውጽኣቶ መደብ ክትምራሕ ጀሚራ ኣላ።

ሩት፡ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ተማሃሪ ኮይና፡ ናይዚ ዓመት መደባ እዚ ዝስዕብ እዩ (ሰንጠረዥ ርአዩ)።

ፍትዋት ተማሃሮ ናይ ተማሃሪት ሩት መደብ ከምዚ ዝተዓዘብኩሞ እዩ። እዚ ዝተዓዘብኩሞ መደብ ንዓዓ ክሰርሓ ዘኽእል ባዕላ ዘውጻኣቶ መደብ እዩ። ናታ መደብ ስለዝኾነ ኣብ ምትግባሩ ዝኾነ ሽግር የብላን።

ስለዚ፡ ንስኹም'ከ ከምዚ ናይ ሩት መደብ ኣውጺእኩምዶ? ብመደብ'ከ ክትምርሑ ጀሚርኩምዶ? ኣብ ኩሉ ህይወትኩም ዕዉታት ንክትኮኑ ካብ ንእስነትኩም ብመደብ ምምራሕ ክትላመዱ ኣለኹም። መደብ ምውጻእ ሓደሽ እንተኾይኑኩም ምስ መማህርትኩም፡ ወለድኩም፡ ዓበይቲ ጎረባብትኹም ወይ መማህራንኩም ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። መደብ ድሕሪ ምውጻእኩም በቲ ዘውጻእኩሞ መደብ ክትምርሑ ጻዕሪ ከድልየኩም እዩ።

መደብ ከተውጽኡ እንከለኹም ዘተጋሕ ክኸውን የብሉን። እተውጽእዎ መደብ ንዓኹም እምበር ንኻልእ ሰብ ስለዘይኮነ ክሰርሓኩም ዝኽእል መደብ ኣዳልዉ።

መደብ ናይ ካልኦት ንዓኹም ክሰርሓኩም ኣይክእልን ይኽእል ይኸውን፡ ናትኩም መደብ ድማ ንኻልእ ከየሰርሕ ይኽእል እዩ። ስለዚ መደብ ኣብ ምውጻእ ጥንቃቐታት ክንገብር ይግባእና። ንዘውጻእናዮ መደብ ድማ ክንስዕቦ ኣለና።

ሰናይ ናይ ትምህርቲ ግዜ ይግበረልኩም።





ካብዛ ተዋሂባ ዘላ ሰንጠረዥ ሸውዓተ ካብ ዓይነታት ኣእኻል ርኸቡ። እትረኽብዎ ቃላት ንትኹል፡ ንጋድም፡ ንሰያፍ፡ ትኹል ግምጣል፡ ጋድም ግምጣል፡ ሰያፍ ግምጣል ክኾኑ ይኽእሉ።

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| ብ | ል | ር | ገ | ን | ያ | ጉ |
| ደ | ል | ቱ | ስ | ገ | ም | ዝ |
| ዝ | ን | ቱ | መ | ር | ዓ | ን |
| ጣ | ሻ | ዕ | ግ | ፍ | ና | ዝ |
| ፉ | ር | ፉ | ጣ | ሕ | ላ | ይ |
| ቆ | ም | ን | ግ | ሽ | ጣ | ዕ |
| ዳ | ጉ | ሻ | መ | እ | ን | ዝ |

መልሲ ዝመጽእ ቀዳም

**<u>መልሲ ናይ ዝሓለፈ ቀዳም፡ ሕቡእ ቁጽሪ ርኸቡ</u>**

<u>01</u>

ኣብ 'ሀ' ተዋሂባ ዝበረት ሰለስ ኩርናዕ ኣብ ውሽጢ እታ ሰለስ ኩርናዕ '20' ተባሂሉ ኣሎ። ስለዚ፡ እዛ 20 በተን ኣብ ሰለስ ኩርናዕ ዘለዋ ቁጽርታት ብኸመይ ክትመጽኣልና ክንሓስብ ኣለና።

ስለዝኾነ፡ 20=(5+7+8) ምስ ደመርናየን እያ ክትመጽኣልና እትኽእል። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ን 'ለ' ንሰርሕ።

ስለዚ፡ 12=4+5+ለ እዩ።

12=9+ለ

ለ=12-9

ስለዚ፡ ሕቡእ ቁጽሪ 3 እዩ።

* * *

<u>02</u>

ኣብዛ ተዋሂባ ዘላ ርቡዕ ኩርናዕ ኣብ 'ሀ' ተዋሂቡ ዘሎ ብኸመይ ክመጽእ ይኽእል ክንሰርሕ ኣለና።

ስለዚ፡ 39 ብኸመይ መጺኣ በተን ቁጽርታት ፈቲንና ክንሰርሕ ይግባኣና። እምብኣር 39= (6x4)+(5x3) (ክልተ ኣንጻር ቁጽርታት ኣርቢሕና ንረኽብ)

39= 24+14 እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ን 'ለ' ክንሰርሕ ኢና።

ለ=(8x3)+(4x6)

ለ=24+24

ለ=48

ሕቡእ ቁጽሪ 48 እዩ።

ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ብኻልእ ኣገባብ መልሲ ምስቲ ተዋሂቡ ዘሎ ቁጽርታት እንተመጺእልኩም ጽሓፉልና።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:02 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቆልዑ |
| 10:10 | ድራማ |
| 10:35 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ልዝቡ መንእሰያት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሽዕቡት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዜር ዞባ ማእከል 2022 |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰላም ከርስ ዝብረኣምላኽ፡ ስም ኣደይ ተብርህ ሃብዝጊየርጊስ ምግባል ተረፉ፡ ተብርህ ሃብዝሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቓወም ኣካል እንተሎ፡ 27/10/22 ኣብ 1ይ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል 2ይ መጋባእያ ቁጽሪ 35 ክቐርብ ተኣዚዙ ኣሎ።

ላይነ ብሉታ ክፍለጽዮን ምግባል ተረፉ፡ ላይነ ኣሚናዳብ ክፍለጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን16/11/2022 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ቀሺ. ዝብረትንሳኤ ወልደሀይወት ኦርኣያ፡ ስም ኣደይ ርግበ ሰለሙን ምግባል ተረፉ፡ ርግበ ተስፋዝጊ ተኽለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/11/2022 ኣብ 2ይ መጋብኣያ ቁጽሪ 35 ይቕረብ።

ኣሚር ዓብደልዋሰዕ ሰዒድ፡ ኣሚር ዓብደልዋሰዕ ሰዒድ ምግባል ተረፉ፡ ኣሚር ዓብደልዋሰዕ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን2/11/2022 ኣብ 3ይ መጋብእያ ቁጽሪ 37 ይቕረብ።

ሓዋ መሓመድ እብራሂም ምግባል ተረፉ፡ ሓዋእ መሓመድ እብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት ዝቓወም እንተሎ፡ ን16/11/2022 ኣብ 3ይ መጋባእያ ቁጽሪ 37 ይቕረብ።

ባርሀት ዓብደልዋሰዕ ሰዒድ ምግባል ተረፉ፡ ባርሀት ዓብደልዋሰዕ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን2/11/2022 ኣብ 3ይ መጋብእያ ቁጽሪ 37 ይቕረብ።

ይግ/በዝሊ. 1 ነ/ሪት ኣረጋሽ መሓሪ ክፍለ ወረ/ኣቶ ሰለሙን ነጋሽ
መ/ወዝበ. ኣቶ ወልደሚካኤል ገብረሂወት ጠበቓ ኣቶ ተስፋልደት ሃይለሚካኤል፡ ኣብ መንጎ ነ/ሄር ኣረጋሽ መሓሪ ክፍለ ብወረሰ. ወዳ ኣቶ ሰለሙን ነጋሽን መልሰ. ወዝበ. ኣቶ ወልደሚካኤል ገብረሂወትን ዘሎ ናይ ክራይ ገዛ ክርክር ወረስቲ ነ/ሄር ኣረጋሽ መሓሪ ክፍለ ተጸዊዖም ን10/11/22 ኣብ 3ይ መጋባእያ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማእከል ከተማ

ኣመልካቲ ኣብርሃም ዳዊት ወልደያውሃንስ፡ ተኻራይቲ፡ ኣልማዝ ተስፋሚካኤል ገዛ ዓጺያ ኣበይ ከምዘላ ኣደራሻኣ ኮነ ህላወኣታ ክፍለጥ ስለዘይተኻእለ፡ ብመንገዲ ን10/11/22 ናብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት መቫዒል ሓሰን ዓብደልቃደር፡ ተኸሳሲ. ዓብደልሓኪም ኑር ዓብደልሓኪም፡ በዓልቲ ቤትካ ክሲ. ኣቕሪባትልካ ስለዘላ ን10/11/22 ኣብ ቤ/ፍርዲ ሸሪዓ ባዕልኻ ወይ ብሕጋዊ ወኪልካ እንተዘይ ቀሪብኩም ኑቲ ጉዳይ ኣብ ዘለኸሙሉ ክርእየን ውሳኔ ክህበሉን ምዃኑ ኽፈልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ በዮሽ ዝብረጊዮርጊስ ተድላ፡ በዓል ቤተይ ኣብርሃም ባይሩ ዑቕባዝጊ ስለ ዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም እንተሎ፡ ን11/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሸዊት ተስፋይ ገብረያውሃንስ ተኸሳሲ. ሳሙኤል ግርማይ ግደ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ ን11/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ቢንያም ሰዩም ዑቕቢጋብር፡ ኣቦይ ሰዩም ዑቕቢጋብር ሃይሉ ስለዝዓረፈ. ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ኣቦና ብለበዋ ዝበደፈልና ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ክጽድቀልና ስለ ዝበሉ ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ካሕሳይ መልኣኩ መርሻ፡ ሓወይ ኣፈወርቂ መልኣኩ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጉዳይፍ

ወ/ሮ ወላሽ ተስፋእዝጊ ቀሺ. ገብረየሱስ፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ሃማርያም ወልደሚካኤል ማና ስለ ዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 2 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ወልደገብርኤል ኣደሓኖም፡ ኣደይ ጻድቃን በርሀ ዘውዴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ኣመልካቲት ጥራሕ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት ዝቓወም እንተሎ፡ ን3/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ እስጢፋኖስ ባህታ ብርሃ፡ ሓወይ ሰለሙን ባህታ ብርሃ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ኣመልካቲ ንበይነይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣስቴር ገብረኪዳን ምሕጹን፡ በዓል ቤተይ ኣሮን ማሰፍን ዑቕባሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 1 ወደና ከኣ ወራሲ. ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም እንተሎ፡ ን10/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ኣርኣያ ኣንቶኛ፡ በዓል ቤተይ እስጢፋኖስ ማሓሪ ዑቕባዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም እንተሎ፡ ን15/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ኣቶ በላይ ጺጋይ ኣስፋው፡ ኣደይ ዋጋ ዝብረማርያም ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰንበል

ወ/ሮ ኣፎምያ ዑቕባሚካኤል፡ ኣደይ ንግስቲ ዝብረማርያም ዝብረ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም እንተሎ፡ ን11/11/2022 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ዓዲ-ኳላ

ት/ዕድመ ራሄል ዕቑባዮሃዝር ስመረ፡ ብወላዲኣ ቐሺ. ዑቕባዝጊ ተስፋማርያም ኣቢላ ራሄል ዑቕባዮሃዝር ምግባል ተረፉ፡ ራሄል ዑቕባዝጊ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም ኣካል እንተሎ፡ ን4/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ ሉተብርሃን ዘራጺዮን ሃጎስ ፡ ብወላዲታ ደርጋኣለም ሃብተሚካኤል ኣቢላ ሉተብርሃን ዘራጺዮን ሃጎስ ምግባል ተረፉ፡ ትብለጽ ዘራጺዮን ሃጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም ኣካል እንተሎ፡ ን4/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰሊና ተስፋዝጊ በራኺ. ምግባል ተረፉ፡ ደናይት ተስፋዝጊ ባህረ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት ዝቓወም ኣካል እንተሎ፡ ን18/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ጊንዳዕ

ወ/ሮ ሓሊማ ማሕሙድ መሳ፡ ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ስም ወላዲታ ሓሊማ ሕመድ ምግባል ተረፉ፡ ሓሊማ ማሕሙድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመላ ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳብሪን ዓብደላ ዳፍላ፡ ስመይ ሳብሪን ዓብደላ ዳፍላ ምግባል ተረፉ፡ ሳብሪን ተኽልየስ ዳፍላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ገረንፊት

ወ/ሮ ጸሃይ ክፍለየሱስ፡ በዓልቤተይ ክፍላይ በርሀ ወልዱ ስለዝዘተሰወኡ ኣነ ምስ 5 ደቕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን28/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ተኽለ ገብረስላሴ፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወደይ ሳይሞን ኣማኒኤል ኣሰፍሃ ምግባል ተረፉ፡ ሴም ኣማኒኤል ኣሰፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን26/10/22 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መሓመድ ዓሊ ዳት፡ ስመይ መሓመድ ዓሊ ደቂ ቃዲ ምግባል ተረፉ፡ መሓመድ ዓሊ ዳት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን2/11/22 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ሉታይ ዓጽመት ክፍሉ፡ ብዓል-ቤተይ ምኖሮሽ ገብረኣምላኽ ጋርዛ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 7 ደቕና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ 23/10/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣብዲት ተወልደ ወልደሃይማኖት፡ በዓልብቤተይ ምሕረትኣብ ኣብርሃ ሃይለ ስለዝዘተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 6 ደቕና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን4/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተቐባሽ ዑቕባዝጊ ሃይሉ፡ በዓል-ቤተይ ኣማኑኤል ወልድኣብ ኣውዓለም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ 6 ደቕና ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን7/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት ፍርዲ ዞባ ጎልጅ

መሳ ሓጅ መሓመድ ዓሊ፡ ምግባል ተረፉ፡ መሳ ሓጅ መሓመድ ዓሊ. ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፡ ዝቓወም እንተሎ፡ ን1/11/22 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣቦና (ላኣከ ብርሃን) ቐሺ. ያዕቆብ ቀሺ. ገብረሚካኤል ኣገሊጋሊ. ቅድስቲ ስላሴ ቤተ ክርስትያን ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሕምብርቲ ዘቃበርኩምናን ናብ መንበሪ ገዛና እናተመላለስኩም ካብ ወሽጥን ወጻእን ሃገር ብቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን፡ ብጹዓን ሊቃነ ጳጳሳት መራሕቲ ሃይማኖት ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር።

ምሉኣት ስድራ ቤት

### ምስጋና



ብሞት ኣዚና እፍቅሮን እነኽብሮን ኣቦና ኣቶ ሃይለ ተስፋይ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሓዘሓዘ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከም ዝዋጸና ንሕብር።

ምሉኣት ስድራቤት

### ምስጋና



ብሞት ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ መም/ኪዳን ወረደ በየን ኩላትና ቤተ ሰብን ፈተውትን ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኑፆም ኣብ ግዜ ሕማማን ዕረፍታን ብምምልላስ ዘቃበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ሁደርስፊልድ ክርስቲያን ዝርከብ ከተማታት ትነብሩ ኣሕዋትን ፈተውትን፡ ኣብ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ሁደርስፊልድ ብምእካብን ከምኡ'ውን ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንሕብር።

በዓልቤታ ሰዩም ሓጎስ ቀላቲ
ምስ ደቕናን ምሉኣት ቤተሰብን

ኣቶ ዳንኤል ተስፋማርያም ፍስሓ ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ዋርሳይ ቁ/ገዛ 99 ከበ. ዚፕ ኮድ ቲራቮሎ 1A745 ፕሎት 61 ቁ/ፓርሰል/ዞን ፓርሰል ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ 1:001899/1 ብስም ኣደይ ወ/ሮ ጉዕት ያቆብ ዓንደጸዮን ዝተመዝገበ ገዛ፡ ወላዲተይ ወ/ሮ ጉዕት ያቆብ ዓንደጸዮን ብዕለት 19/08/2019 ብቁ/መዝ/245/2019 ኣብ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ቀሪባ ብውህብቶ ስለዝሃበትኒ፡ ብዝተዋህበኒ ውህብቶ መሰረት ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለዝደለኹ ብዕዳ ሐዘዮ ኣለኹ ዝበል ወይ ዝቓወም እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር የቕርብ፡ እንተዘይቀረበ ግን ዝቓወም ከምዘየለ ተቖጺሩ ስም ምትሕልላፍ ክፍጸም ምዃኑ ኢሕብር።

ኣቶ ዳንኤል ተስፋማርያም ፍስሓ
ወኪል፡ ወ/ሮ ብርሄን ረዳ ኣባይ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ዙር ዞባ ማእከል-2022 ኣብ ወሳኒ መድረኽ!

ብሰንበት 9 ጥቅምቲ ኣብ ጎደና ኣፍዓበት ከባቢ እንዳማርያም ዝፈለመ ዙር ዞባ ማእከል፡ ትማሊ'ውን ኣብ መስመር ኣስመራ-ሐምላይ ደሴት-ሕምብርቲ-ኣስመራ-ነፋሲት- ቤት ገርግሽ ሓሙሻይ መድረኹ ከም ዘሰላሰለ፡ ህዝባዊ ፍርቦት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ሓቢሩ፡፡ ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን ኣብዚ መድረኽ 161 ኪሎ-ሜተር



ርሕቀት'ዮም ሸፊኖም፡፡

ተቐዳዳማይ ክለብ ኤሪቴል ያፌት ምሉጌታ፡ ናይ ግዜ ብፃኢ ናይ ክብሪ ማልያ ለቢሱ ናብዚ ውድድር ክኣቱ ከሎ፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ደንደን ናሆም መኮንን ከኣ፡ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ ኣብ ዝባኑ ወደዩ እዩ ጸወታኡ ኣሰላሲሉ፡፡ ብዘይካ'ዚ ሃገር ዓንደማርያም ናይ ክለብ ኤሪቴል፡ ማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ሐዚ ነይሩ፡፡ 57 ተቐዳደምቲ ልክዕ ሰዓት 8፡30 ኑቲ ዝተሰለዓሎም ርሕቐት ንምሽፋን ተበጊሶም፡፡ ሓደ ሓደ ብሽክለታ ዘቡላሸዉ ተቐዳደምቲ ገዲፍኳ፡ ዓባይ ጉጅለ ብሓባር'ያ ናብ መጥወዩ ሓምላይ ደሴት በጺሓ፡፡

ዓባይ ጉጅለ ኣብ ምምላሱ፡ ኣብ ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ከተማ ድባርዋ ንዝተኻየደት ናይ'ቲ መድረኽ ቀዳመይቲ ናይ ነጥብን ናይ ግዜን ቅጽበታዊ ውድድር ተጠርኒፋ እያ ኣካይዳታ፡፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤሪቴል ዩኤል ሃብተኣብ ቀዳማይ ኮይኑ ብምዕዋት፡ 3 ነጥቢን 3 ካልኢትን ክወስድ ከሎ፡ ብውልቂ ዝቀዳደም ሚሮን ተሸሞን ተቐዳዳማይ ክለብ ደንደን ናሆም መኮንንን፡ ብተኸታታሊ 2ን 1ን ነጥቢ ከሰቦም፡፡

ዓባይ ጉጅለ ነዊሕ ርሕቐት ይጸቢያ ከም ዘሎ ዘስተውዓለት እንክትመስል፡ ድሕሪ'ዛ ቅጽበታዊ ውድድር እግሪ ዓቕብ መንገዳ ብሓባር'ያ በጺሓ፡፡ ኣብዚ ዓቕብ ናይ ዝተፈላለያ ጋንታታት ተቐዳደምቲ ናይ ምመላኽ ፈተነታት ኣካይዶም እኳ እንተነበሩ፡ ክሰልጦም ኣይከኣለን፡፡ በዚ ኸኣ ዓባይ ጉጅለ ብሓባር ተጠርኒፋ፡ ኣንፈታ ናብ ሕምብርቲ ገጻ ኣምሪሓትት፡፡ ኣብዚ ብርቱዕ ንፋስ ዝነበሮ ጉዕዞ፡ ተቐዳዳማይ ሰምባል ሳሙኤል ምስግናን ብውልቁ ዝቀዳደም ሄኖስ ጉብረዝግኣብሄርን ካብ ዓባይ ጉጅለ ብምህዳም ናህሪ ፈጢሮም፡፡ እዞም ክልተ ተቐዳደምቲ ኣብ ሕምብርቲ ክጥወዩ ከለዉ፡ ምስ ዓባይ ጉጅለ ናይ ኣስታት 25 ካልኢት ፍልልይ ኣንጸፎም ነበሩ፡፡ ይኹን'ምበር ጉዕዞኦም ካብ ከባቢ እባርዳእ ዝሓልፍ ኣይነበረን፡፡

ዓባይ ጉጅለ፡ ኑቲ ኣብ ብሎኮ ጎዳይፍ ተዳልዩ ዝነበረ ካልኣይ ናይ ነጥብን ናይ ግዜን ቅጽበታዊ ውድድር ክዕወቱ ኣየፍቀደትን፡፡ ከም ውጽኢቱ ከኣ ተጎራሪሖም ዝነበሩ ተቐድደምቲ ብሓባር'ዮም ኣብ ከባቢ ብሎኮ ጎዳይፍ ቅጽበታዊ ውድድር ኣካይዶም፡፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዙር ዞባ ማእከል፡ ፍሉይ ብቕዓት ብምንጽብራቕ ኑቲ ውድድር መቐረት ሂብዎ ዘሎ ምኩር ተቐዳዳማይ ሚሮን ተሾመ፡ ቀዲሙ መዛዘሚ መስመር ብምርጋጽ፡ 3 ነጥብን 3 ካልኢትን ክወስድ ከሎ፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤሪቴል ዩኤል ሃብተኣብን ናይ ክለብ ደንደን ዳኒኤል ይሕደጎን ከኣ፡ ብተኸታታሊ 2ን 1ን ነጥብን ግዜን ከሰቦም፡፡

ሕጂ'ውን ዓባይ ጉጅለ ከይተፈላለየት እያ ብመንገዲ መናሃርያን ፎሮቢያን ኣቢላ ብሎኮ ባጽዕ በጺሓ፡፡ ኣብዚ ሓያል ቁልቁል እምበኣር፡ ዓባይ ጉጅለ ክትመቓቐል ግምት ብዙሓት ተንተንቲ ቅድድም ብሽክለታ ነይሩ፡፡ ከምቲ ትጸቢት ዝተጉበረሉ ከኣ ብዙሓት ተቐዳደምቲ ንድሕሪት ዘልሓጥ ክበሉ ከለዉ፡ ዓባይ ጉጅለ ከኣ ኣብ ክልተ ጉጅለታት ተኸፍለት፡፡ ኣብዚ እዋን ኣብታ ካልኣይቲ ጉጅለ ዝነበረን ማልያ ኣንበሳ ዓቕብ ወደዩ ናብዚ ሓሙሻይ መድረኽ ዝኣተወን - ተቐዳዳማይ ክለብ ኤሪቴል ሃገር ዓንደማርያም፡ ብሽክለታ ኣብላሸዩ ካብ መወዳደርቱ ምሕደግ በሉ፡፡ ኣንበሳ ዓቕብ ዙር ዞባ ምእከል 2022 ንምዃን ዝኳይድ ቅልስ፡ ኣብዚ ናይ ትማሊ መድረኽ ይዛዘም ብምንባሩ ኸኣ፡ ምትራፍ ሃገር ዓንደማርያም ፍሉይ ክስተት ኮነ፡፡ ብፍላይ ተቐዳደምቲ ክለብ ደንደን ዝኾኑ ዓወት ኣማንን ጳውሎስ ጉብረሚካኤልን፡ ነዚ ዕድል ሕርሕራይ ገይሮም ክምዝምዝዎ ፈቲኖም እዮም፡፡

ኑቲ ኩነታት ቀልጢፎም ዝተረድኡ ተቐዳደምቲ ክለብ ኤሪቴል ኣሌክሳንደር ኢሳቕን ኖቤል ሚካኤልን፡ ብሉጽ ስጉምቲ ወሲዶ፡፡ ኣሌክሳንደር ኢሳቕ ወሪዱ ብሽክለታኡ ንሃገር ክህቦ ከሎ፡ ኖቤል ሚካኤል ከኣ ኣብ እግሪ ነፋሲት ድሕሪ ምጥዋዮም ዓቕብ ሰይዲቺ ኣብ ምድያብ ሓገዞ፡፡ ኣብ 2021 ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ሻውዓይ ተርታ ሐዚ ውድድሩ ዝወደአ ሃገር ዓንደማርያም፡ ዋላ'ኳ ኣብ ዓቕብ ሰይደቺ ንቐዳመይቲ ጉጅለ እንተተጸንበረ፡ ሓሙሻይ ተርታ ብምሓዙ ግን ዝኾነ ነጥቢ ክረክብ ኣይከኣለን፡፡ ኣብዛ ናይ ዓቕብ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ናይ ክለብ ኤሪቴል ጴጥሮስ መንግስ'ዩ ዕወት ኮይኑ 5 ነጥቢ ሓፊሱ፡፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም፡ ማልያ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ወደዩ ዝተወዳደረ ሚልኪያስ ቅዱስ (ንእሽቶ ሓው ንመርሃዊ ቅዱስ) ካብ ኣስቤኮ ካልኣይ ተርታ ክሕዝ ከሎ፡ ናይ ክለብ ኤሪቴል ኣኽሊሉ ኣረፋይነ ከኣ ሳልሳይ ደረጃ ሐዚ፡፡ ተቐዳደምቲ ክለብ ኤሪቴል ጴጥሮስ መንግስን ኣኽሊሉ ኣረፋይነን፡ ኣብዛ ናይ ዓቕብ ቅጽበታዊ ውድድር ተዳልዩ ንዝነበረ ነጥቢ ክሕዝዎ ምኽኣሎም፡ ወዲ ጋንታኦም ሃገር ዓንደማርያም ክረብሕ ክኢሉ እዩ፡፡

ሓይሎም ዝ. ተረር ዓቕብ ክኸውን ዓቂቦምዎ ዝወዓሉ ተቐዳደምቲ ንዓባይ ጉጅለ፡ ዕረፍቲ ክህብዎ ኣይከኣሉን፡፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ሰምባል ኣኽሊሉ ጉብረሂወት ነዛ ጉጅለ ክሓድጋ ሓያል ስጉዖ ጌሩ'ኳ እንተነበረ፡ ተቐዳደምቲ ክለብ ኤሪቴል ክሰድዎ ኣይከኣሉን፡፡ ነዊሕ ከይከደ እዮም ኣርኪቦሞ፡፡ ሓደ ካብ ሓያላት ተቐዳደምቲ ክለብ ኤሪቴል ምኻኑ ዝኣመነሉ ጴጥሮስ መንግስ፡ ኣብ ከባቢ ዓርበረቡዕ ንዝፈጠሮ ናህሪ ግን ዝኾነ ተቐዳዳማይ ዝጻወሮ ኣይነበረን፡፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ በልጁም ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ዓለም፡ ኤርትራዊ ቢኒያም ግርማይ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ጎድኑ ዝነበረ ጴጥሮስ መንግስ ተሪፉ ንዝነበረ ዓቕብ ከም ማይ ክሰትዮ እዩ ተራእዩ፡፡

ቀላሲት ናይዚ ናይ ሎሚ ዓመት ዙር ዞባ ማእከል ኮይና ዘላ ክለብ ኤሪቴል፡ ንጴጥሮስ ብምስዓዓ ክትቀስን ኩሉ ተቐዳደምቲ ክለብ ደንደን ዝነበረዎ ፈተነ ክሰምር ኣይከኣለን፡፡ ናይ ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ለቢሱ ዝነበረ ተቐዳዳማይ ክለብ ደንደን ናሆም መኮንን እውን ጴጥሮስ ነጥቢ ስለ ዘይነበሮ ኣይሰገአን፡፡ በዚ ኸኣ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ሻዱሻይ ተርታ ሐዚ ዝነበረ ጴጥሮስ፡ ብዘይ ተቓጻጺ ዕወት ሓሙሻይ መድረኽ ዙር ዞባ ማእከል ክኸውን በቒዑ፡፡ እዚ ተቐዳዳማይ ንዓባይ ጉጅለ ብ15 ካልኢት ፈልዩ'ዩ ዝ. ድሙቕ ዓወቱ ኣመዝጊቡዎ፡፡ 15 ካልኢት ድሕሪ ቅጽበታዊ ውድድር ዝኾየደት ዓባይ ጉጅለ፡ ወናኒ ቀጠልያ ናይ ነጥቢ ማልያ ናሆም መኮንን (ደንደን)'ዩ ሰዒርዎ፡፡ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ (ኤሪቴል)፡ ሳሙኤል ተወልደ (ሰምባል)፡ ወናኒ ብፃኢ ናይ ግዜ ማልያ ያፌት ምሉጌታ (ኤሪቴል)፡ ኣኽሊሉ ኣተሸም (ደንደን)፡ ሚሮን ገዛኢ (ኣስቤኮ)፡ ሃገር ዓንደማርያም (ኤሪቴል)ን ሰሚር ብርሃነ (ደቡብ)ን ከኣ ንዝተረፈ ክሳብ ዓሰራይ ዘሎ ደረጃ ተማቒሎሞ፡፡




ተቐዳደምቲ ዝ. ነዊሕን ተረርቲ ዓቕብ ዝነበሮን መድረኽ፡ ኣብ ሰዓት ኣስታት 38 ኪሎ-ሜተር እናተሓንበቡ እዮም ወዲኦምዎ፡፡ ንኹሉ ነገር ኣብ ግምት ብምእታው ከኣ፡ ዝምስገን ናህሪ ምንኻኑ ብዙሓት ይሰማምዑሉ፡፡


ክሳብ ሕጂ ተኻይዱ ብዘሎ ሓሙሽተ መድረኻት ዙር ዞባ ማእከል፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ኤሪቴል ያፌት ምሉጌታ'ዩ ብ16 ሰዓት፡ 17 ደቒቕን 21 ካልኢትን ወናኒ ብፃኢ ማልያ ኮይኑ ዘሎ፡፡ ደቂ ጋንታኡ ሃገር ዓንደማርያም፡ ጴጥሮስ መንግስን ኣኽሊሉ ኣረፋይነን ከኣ ኣሰሩ ዝስዕቡ ዘለዉ ቀዳሞት ሰለስተ ተቐዳደምቲ እዮም፡፡ ኣብ ናይ ነጥቢ ሕጂ'ውን ተቐዳዳማይ ክለብ ደንደን ናሆም መኮንን ኒታ ቐጠልያ ማልያ ካብ ዝባኑ ኣየውረዳን ዘሎ፡፡ ናሆም 32 ነጥቢ ከዋህልል ከሎ፡ ዩኤል ሃብተኣብን ሚሮን ተሾመን ብተኸታታሊ 28ን



27ን ነጥቢ ሐዞም ይስዕብዎ ኣለዉ፡፡ ሃገር ዓንደማርያም ብ20 ነጥቢ ድሮ ሸልማት ኣንበሳ ዓቕብ ዝዓተረ ተቐዳዳማይ እዩ፡፡ ብጋንታ ኤሪቴል ብ48 ሰዓት፡ 53 ደቒቕን፡ 40 ክልኢትን መሪሕነት ክትሕዝ ከላ፡ ደንደን ብ1 ደቒቕን 15 ካልኢትን ኣብ ካልኣይ ተርታ ተሰሪዓ ትርከብ፡፡

ዙር ዞባ ማእከል 2022 ሎሚ ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ቀጺሉ ከም ዝውዕል፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ፡፡ ኣብዚ ናይ ግዜ ውድድር ከም ሚሮን ተሾመ፡ ጴጥሮስ መንግስን ኣኽሊሉ ኣረፋይነን ዝኣመሰሉ ተቐዳደምቲ፡ ዝያዳ ክኸስቡ ከም ዝኽእሉ ይግመት፡፡ በዚ ኸኣ ብፃኢ ናይ ግዜ ማልያ ኣብ ምውሳድ ኣብ ዝግበር ዘሎ ቅልስ፡ ለውጢ ክመጽእ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ፡፡

ዕወት ናይ ትማሊ ሓሙሻይ መድረኽ ጴጥሮስ መንግስ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ብቢኒያም ግርማይ ጥራይ ተበሊጹ ተሸላሚ ብሩር መዳልያ ክኸውን ከም ዝኸኣለ ኣይርሳዕን፡፡ ዝሓለፈ ዓመት ከኣ፡ ናይዚ ክሊ ዕድመ ካልኣይ ዝቐልጠፈ ተቐዳዳማይ ክሰመ ክኢሉ ኔሩ እዩ፡፡ ኣኽሊሉ ኣረፋይነ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር ተሸላሚ ወርቂ መዳልያ ክኸውን ከሎ፡ ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ ከኣ ኣብ ናይ ጁኒየር ብተመሳሳሊ ቀዳማይ ተርታ ከም ዝሓዘ ይፍለጥ፡፡ ሚሮን ተሾመ'ውን ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ሻምፕዮን ኤርትራ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር፡ ምስ ቀዳሞት 10 ተቐዳደምቲ ኮይኑ ውድድሩ ክፍጽም ክኢሉ እዩ፡፡ በዚ ኸኣ እዞም ተቐዳደምቲ ኣብዚ ናይ ሎሚ ናይ ግዜ ውድድር፡ ዝያዳ ክረብሑ ከም ዝኽእሉ ይግለጽ፡፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ኣብ ከባቢ ማይ-ደምዓት 18 ኪሎ-ሜተር ርሕቀት እዮም ክሸፍኑ፡፡



# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ማሊ - ነታጒ ህይወት ሓያለ ሰባት ቀዚፉ

ኣብ ማእከላይ ክፋል ማሊ፡ ተሳፈርቲ ጽዒና ትጉዓዝ ዝነበረት ኣውቶብስ ነታጒ ብምርጋጹ - ብውሑዱ 11 ሰባት ከም ዝሞቱን 53 ካልኦት ከም ዝቘሰሉን ተሓቢሩ።

እቲ ነታጒ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከባቢ ሞፕቲ ኣብ ዝርከብ ጸርግያ ከም ዝጋጠመ፡ ምንጪታት ጸጥታ እታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ ዞባ፡ ዕጡቓት ጉጅለታት ብብዝሒ ዝንቀሳቐስሉ ምዃኑ ጸብጻባት የመልክቱ።

ፖሊስ ማሊ ኣቐዲሙ ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ በቲ ነታጒ 10 ሰባት ከም ዝሞቱን ካልኦት ብዙሓት ብኸቢድ ከም ዝቘሰሉን ኣመልኪቱ ኒይሩ።



መንግስቲ ማሊ፡ ኑዩም ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል ጠንቂ ሞትን ምምዛብልን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታቱ ከም ዝኾኑ ዝገልጹም፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት እታ ሃገር ዝንቀሳቐሱ ጥሩፋት ዕጡቓት ጉጅለታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምእታው ኪቃለስ ምጽንሖሉ ይግለጽ።

ሚኑስማ ዝተባህለ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ማሊ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ ክሳብ መወዳእታ ነሓሰ 2022 ኣብ ዝነበረ እዋን፡ መብዝሕትኦም ወተሃደራት ዝኾኑ 72 ሰባት ብነተጉቲ ከም ዝእቶተሉ ሓቢሩ።

ኣብታ ሃገር፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 103 ሰባት ብነተጉቲ ክሞቱ እንከለው፡ ካልኦት 297 ድማ ከም ዝቘሰሉ ይግለጽ።

## ኣመሪካ - ብመጥቃዕቲ ብረት ሓሙሽተ ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኣመሪካ ብውልቃዊ ብረት ዝፍጸም ገበናት እናበኣሰ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ራሊ - ርእሰከተማ ክፍለሃገር ካሮላይና ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ፈኮስ ብረት፡ ኣብ ሰራሕ ወጻኢ ዝነበረ ፖሊስ ዝርከቦም ሓሙሽተ ሰባት ከም ዝእተቐትሉ ተሓቢሩ።





ኣብቲ መጥቃዕቲ፡ ካልኦት ክልተ ሰባት እውን ብኸቢድ ከም ዝቘሰሉ፡ ከንቲባ ከተማ ሜሪ ኣን ባልድዊን ገሊጹ።

ብተወሳኺ፡ ፖሊስ ታ ከተማ ብዞየደ - ንገበኛ ናይ ምሓዝ ስርሒት፡ ነቲ ገበን ከም ዝፈጸሞ ዝተጠርጠረ ውልቀሰብ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከም ዘእተዎ ተሓቢሩ።

እንተኾነ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ዝወጸ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዛጊት የለን።

ከንቲባ ከተማ ራሊ ኣብ መግለጺኣ፡ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ መርመራ ብርክት ዝበሉ ኣኽበርቲ ሕጊ ይሳተፉ ከም ዘለዉ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ኣመሪካ ዝፍጸሙ መጥቃዕትታት ፎኩስ ብረት ቅልጡፍ መግትኢ ክግበረሎም ኣተሓሳሰበ።

## ኣውስትራልያ - ሓደጋ ዕልቕልቕ ነበርቲ የመዛብል

ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣውስትራልያ፡ ንኽልተ መዓልታት ብዘይምቁራጽ ብዝወቕዐ ዝናብ - ዲጋታትን ሩባታትን መሊኦም ናብ የማጹጋም ክፈስሱ ብምጅማሮም፡ ነበርቲ ከባቢ ህይወቶም ንምድሓን ካብ ኣባይቶም ክወጹኡ ብሰብ መዚ'ታ ሃገር ከም ዝተሓበሮም ተገሊጹ።

ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ናይ ክፍለሃገር ቪክቶርያ፡ ኒው ሳውዝ ዌልስን ታዝማንያን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝናብ ብምዝንባቡ፡ እተን ዞባታት ከቢድ ብደሆ ገጢምወን ከም ዘሎ ሰበስልጣን እታ ሃገር ወሲኾም ሓቢሮም።

"እቲ ዝናብ ሰፊሕ ውሕጅ የኸትል ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ገለ ሩባታት ልዕሊ ዓቐሞም መሊኦም ብምህላዎም፡ እቲ ውሕጅ እናገደደ ክመጽእ ልዑል ተኽእሎታት ኣሎ" ክብል ቤትጽሕፈት ትንበያ ሜትሮሎጂ እታ ሃገር ንኣገልግሎት ፈነወ ተለቪዥን ኣውስትራልያ (ኤቢሲ) ሓቢሩ።

መንግስቲ ክፍለሃገር ቪክቶርያ፡ መወሰቢ ሕሙማት ኮቪድ-19 ኮይኖም ከገልግሉ ዝጸንሑ ማእከላት፡ ከም ግዝያዊ መዕቆቢ ተመዛበልቲ ንኸገልግሉ ምድላዋቱ ከም ዘጻፈፈ ገሊጹ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ካብ መልበርን ንሰሜን ኣብ ዝርከብ ከተማታት ሺፓርተንን መርቼሰንን፡ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ብርቱዕ ዝናብ ክወቅዕ ከም ዝኽእል ዝጠቐሱ ጸብጻባት ሜትሮሎጂ እታ ሃገር፡ ደሮ'ውን ኣብታ ክፍለሃገር ዝርከብ ሰለስተ ዓበይቲ ዲጋታት መሊአን ክፈስሳ ብምጅማረን ተወሳኺ ፅንወት ክወርድ ከም ዝኽእል ኣሚቶም።



## ባይቶ ዒራቕ ሓድሽ ፕረዚደንት መሪጹ

ኣባላት ባይቶ ዒራቕ፡ ኩርዳዊ ፖለቲከኛ ዓብዶለጢፍ ራሺድ፡ ንዒራቓዊ ኩርዳዊ ባርሃም ሳልሕ ተኪኡ ሓድሽ ፕረዚደንት እታ ሃገር ኮይኑ ከገልግል ከም ዝመረጽዎ ተሓቢሩ።

ራሺድ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ባይቶ ዝተኻየደ ድምጺ ናይ ምሃብ መስርሕ፡ ልዕሊ 160 ድምጺ ብምርካብ ኢዩ ንፕረዚደንትነት ክበቅዕ ክኢሉ።

ብዘይካዚ፡ ፖለቲከኛ ሺዓ ዝኾነ መሓመድ ሺዓ ኣልሱዳኒ ክወስዶ ብዘጽንሖ ንሓደ ዓመት ዝቐጸለ ውድባት ሺዓ ናይ ምትዕራቕን መንግስቲ ናይ ምምስራትን ዕማም፡ ንግዝያዊ ቀዋሚ ሚኒስተር እታ ሃገር መሰጠፉ ኣልኣድሚ ክትክእ በቲ ባይቶ ተመዚዙ ኣሎ።

ብመሰረት ቅዋማዊ ስርዓት ምክፍፋል ስልጣን ዒራቕ፡ ፕረዚደንትነት ንኩርዳውያን ፖለቲከኛታት ጥራይ ዝተሓዝአ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ቀዋሚ ሚኒስተር ስልጣን ድማ ነቶም ንሺዓ ዝወክሉ ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ጥራይ ይምልከት። ኣፈ-ጉባኤ ባይቶ ከኣ ከሉ ግዜ ካብቶም ንሱና ዝወክሉ ፖለቲካውያን ሓይልታት ይምረጽ።

ምምረጽ ራሺድ፡ ኣብ ባይቶ ዒራቕ ሰፊኑ ዝጸንሐ ናይ ተወዳደርቲ መንፈስ ናብ ናይ መወዳእታ ምዕራፉ ከም ዝበጽሐ ዘመልክት ምዃኑ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ሕጂ'ውን ኣብታ ሃገር መንግስቲ ምምስራት ዓቢ ብደሆ ከም ዘጋጥሞ ኣሚቶም።

እቲ ምርጫ፡ ድሕሪ'ቲ ብሓምላይ ዞባ ኣብ ዝፍለጥ ክፋል ከተማ ባቕዳድ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሮኬታት ከም ዝእተኻየደ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

ደገፍ ናይቲ ብኢራን ብዝድገፉ ሰልፈታት ሺዓ ዝቖመ 'ኪ.ዳን ልፍንቲ' ከም ዝለዎ ዝነገረሉ ወዲ 52 ዓመት ኣልሱዳኒ፡ መንግስቲ ንምምስራት ናይ 30 መዓልታት ዕድል ከም ዝለዎ ይግለጽ።

ዒራቕ፡ ኣብዚ ዓመትዚ ጥራይ ሓድሽ መራሒ ሃገር ንምምራጽ ሰለስተ ፍሹላት ፈተነታት ከም ዘካየደት ኣይርሳዕን።

ኣብ ዒራቕ ፕረዚደንት ንምምራጽ ዝተኻየደ ውድድር፡ ኣብ መንጎ ክልተ ቀንዲ ሰልፍታት ኩርዲስታን - ማለት ንራሺድ ዝሓጸየ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ኩርዲስታንን ሃገራዊ ሕብረት ኩርዲስታንን ከም ዝነበረ ጸብጻባት የመልክቱ።

በዚ ድማ ምምራጽ ራሺድ፡ ኣብ መንጎቶም ኣብ 1990ታት ኣብ ኩናት ሓድሕድ ተጸሚዶም ከም ዝነበሩ ዝንገረሎም ክልተ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ዘሎ ወጥሪ ኪጋድዶ ከም ዝኽእል ይሕበር።



## ጃማይካ፡ ገበናት ዝዕድሙ ሙዚቃዊ ስርሓት ኣጊዳ

ኣብ ጃማይካ፡ ሰባት ዘይሕጋዊ ንጥፈታትንኸክይዱ ዝገስግሱ ትሕዝቶ ዘለዎም መዚቃዊ ስርሓት፡ ብመራኸቢ ብዙሓን እታ ሃገር ከይመሓለለፉ፡ በዓል-መዚ ፈነወ ራድዮን ቴለቪዥንን እታ ሃገር ኣጊዱ።

እቲ ሓድሽ ሕጊ፡ ንምትሓዝ፡ ምጥቃም ዕጹ-ፋርስን ዘይሕጋዊ ኣጠቓቕማ ኣጽዋርን ዘተባብዕ ትሕዝቶ ዘለዎም ስርሓት ኢዩ ኣጊዱ ዘሎ።

ይኹን'ምበር፡ ገለ ሱጥባበኛታት፡ መዚቃ ነጸብራቕ ህይወት ከም ዝኾነ ብምምልካት ነቲ ሰጉምቲ ኮኒኖምዎ ኣለዉ።

ኣብ 2021፡ ኣብታ ሃገር ዝነበረ መጠን ቅትለት ኣዝዩ ልዑል ከም ዝነበረ ይፍለጥ...

ኣብ 2021፡ ኣብታ ሃገር ዝነበረ መጠን ኀጻዊ ገበናት ካብ ከም ዝዛበለ እዩ ዝሕበር።

ቅጥዒ ዘይብሉ ትሕዝቶ ዘለዎም ደርፈታት፡ መንእሰያት ከም'ኡ'ውን ንሕማቕ ነገራት ቀልጢፎም ተቓላዕቲ ዝኾኑ ህጻናት፡ ንገበን ከም ንብረ ክወስዱዎ ጽልዋ የሕድሮሉ ካብ ዝብል ስክፍታ እቲ ስጉምቲ ከም ዝእተወስደ፡ እቲ በዓልመዚ ወሲኹ ኣረዲኡ።

እንተኾነ፡ ኣፍራዪ መዚቃ ሮሚይክ ኣብ ኢንስታግራም ኣብ ዘስፈሮ ጽሑፍ፡ "እቶም ሱጥባበኛታት ኣብ ከባቢኦም ዝርኣይዎ ነገራት መሰረት ገይሮም ካብ ምድራፍ ክንዕግቶም ኣይንኽእልን ኢና" ክብል ተቓውሞኡ ኣስሚዑ።

'ዲ ጂንጋስ' ብዝብል ናይ መድረኽ ስሙ ዝጽዋዕ ተዓዋቲ ሽልማት ግራሚ ዝኾነ ኣፍራዩን ድምጻውን ስቴፈን ማክግሪጎር እውን፡ መንእሰያት ካብቲ ብራድዮ ወይ ብቴለቪዥን ዝመሓላለፉ ጥበባዊ ስርሓት፡ ዝያዳ ኣብ ኢንተርነት መዚቃ ከም ዝሰምዑ ብምጥቃስ፡ በቲ እገዳ ዝተሰምዖ ጓሂ ገሊጹ።

ኣብ ጃማይካ፡ ገለ መዚቃዊ ስርሓት ክእገድ እዚ ናይ ፈለማ ከም ዝይኮነ እዩ ዝሕበር።

ኣብ 2009፡ ተቖጻጻሪት መራኸቢ ብዙሃን፡ ንጾታዊ ርክብ፡ ዓመጽን ቅትለትን ዘተባብዑ ጥበባዊ ስርሓት ከይፍነው ኣጊዳቶም ምንባራ ይዝከር።

መግለጺ ኮሚሽን መራኸቢ ብዙሓን እታ ሃገር፡ ሓላፍነት ናይ ምሕላው መሰል፡ ኣብ'ቶም ንገበናዊ ንጥፈታት ዘተባብዕ ትሕዝቶ ዘለዎም ኣሰራውቲ ጥበባዊ ስርሓት ተግባራዊ ክኸውን ከም ዘይብሉ ኣተሓሳሰበ።



ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ዳሉል
ዕለት: 15/10/2022
ጎደና: ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ቁ.ስልኪ: 125266
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565